# ማኒፌስቶ

# ዲሞክራሲያዊ ዉድብ ስምረት ትግራይ

**(ንምይይጥ ዝቐረበ)**

መእተዊ ..... 4
መቕድም ..... 5
ክፍሊ-1..... 5
ሕቶ ትግራይ፦ ታሪኻዊን ህልዊን ቅልውላው ..... 5
1.1 ታሪኻዊ መበቆል ሕቶ ትግራይ ..... 6
1.2 ኣብ 2013/14 ዓ.ም ዝተጀመረ ኲናትን ኣዕናዊ ተፅዕኖኡን ..... 6
1.3 ምድቓቕ፣ ተስፋ ምቑራፅን ቅልውላው ፖለቲካዊ መሪሕነትን ..... 7
1.4 ካስማታት ሕቶ ትግራይ ..... 7
ክፍሊ-2..... 7
ራኢና፦ ነፃ፣ ፍትሓዊት፣ልምዕትን ዲሞክራሲያዊትን ትግራይ ..... 7
2.1 ራኢ ነፃነት..... 8
2.2 ራኢ ፍትሒ ..... 8
2.3 ራኢ ዲሞክራሲ..... 8
2.4 ራኢ ተፃዋራይ ርእሰ ምሕደራ..... 8
2.5 ራኢይ ሓድነት ኣብ ውሽጢ ብዝሃነት/ፍልልይ/ ..... 9
2.6 ራኢ ልምዓት..... 9
ክፍሊ-3..... 9
ስነ-ሓሳብና ኣብ ኩነታት ትግራይ ዝሰረተ ፕራግማቲክ ሊበራል ዲሞክራሲ..... 9
3.1 ሊበራል ዲሞክራሲ ንምንታይ ንትግራይ? ..... 10
3.2 ፕራግማቲክ ክንብል ከለና እንታይ ማለትና እዩ? ..... 10
3.3 ኣብ ናይ ትግራይ ፖለቲካዊን ሲቪካውን ባህሊ ዝሰረተ ..... 11
3.4 ንምልክነት ንነፅግ..... 11
ክፍሊ-4..... 12
ስትራተጂያዊ ሽቶታትን ዓምድታትን ፖለቲካዊ ፕሮግራም ውድብ ስምረት ..... 12
4.1 ዓምዲ 1፦መሊስካ ምውናን ዓርሰ ምሕደራን ፖለቲካዊ ነፃነትን ትግራይ..... 12
4.2 ዓምዲ 2፦ ናይ ስግግር ፍትሕን ህንፀት ሞራልን ..... 12
4.4 ዓምዲ 4፦ ኢኮኖሚያዊ ነፃነትን ሓቋፋይ ልምዓትን ..... 13
4.5 ዓምዲ 5፦ ማሕበራዊ ሓለዋን ሰብኣዊ ምዕባለን ..... 14
4.6 ዓምዲ 6፦ ቀጠናዊ ፀጥታ፣ ዝምድናታት ወፃኢን ሰላምን ..... 14
ክፍሊ-5..... 15

ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ፣ ህልዊ ቅልውላውን ፓለቲካዊ መፍትሕን ሕቶ ትግራይ............15
5.1 ታሪኻዊ መበቆል ሕቶ ትግራይ............15
5.2 ህልዊ መግለፅታት፡ ኲናት፣ ጀኖሳይድን ጎበጣን............16
5.3 ቅልውላው ፌደራሊዝምን መሸኻ ዓርሰ ምሕደራን............16
5.4 ፖለቲካዊ ኣድማስ - ሰለስተ መማረፅታት............16
5.4.2 ኮንፌዴራላዊ ምምርቓሕ............17
5.4.3 ነፃ ሃገርነት............17
5.5 መርገፂና መፍትሒ ብመንገዲ ሊበራል ዲሞክራሲ ይርከብ............17
ክፍሊ-6............17
ፍኖተ ካርታ ህንፀት ትካላትን ባህሊን ሊበራል ዲሞክራሲ ኣብ ትግራይ............17
6.1 ምዕራፍ 1- ናይ ስግግር መሰረታት (ዓመት 1-2)............17
6.2 ምዕራፍ -2፡ ኣሳታፋይ ምድላው ቅዋም (ዓመት 2-3)............18
6.3 ምዕራፍ 3፡- ምጥንኻር ዲሞክራሲን ውድድራዊ መረፃን............18
6.4 ምዕራፍ 4፥ ምዕሟቕ ዲሞክራሲን ማሕበራዊ ስግግርን (ዓመት 5-10)............19
6.5 ተሳገርቲ ጉዳያት፤ ባህሊ ዲሞክራሲያዊ ዜግነት............19
ክፍሊ-7............20
ማዕቀፍ ፖሊሲ ኢኮኖሚ............20
7.1 ኮር ኢኮኖሚያዊ መደባት............20
7.2 ድሕሪ ኲናት ዳግመ ህንፀትን ህፁፅ መነባብሮን............20
7.3 ምሕዋይ ሕርሻ ምስ ነፃነትን ዕዳጋን............21
7.4 ህንፀት ውዕውዓት ደቀቅቲ፣ ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ሴክተር............21
7.5 ሊበራል ኢንዳስትሪያላዊ ኣጀንዳ 21 ክፍለ ዘመን............22
7.6 ምትዕርራይ ቅኒት ረድኤት፣ ኢንቨስመትን ንግድን............22
ክፍሊ-8............23
ወፃኢ ፖሊሲን ዓለም ለኸዊ ተሳትፎን፡- ሊበራል ዲሞክራሲያዊት ትግራይ ኣብ ዓለም............23
8.1 ገዛእቲ መትከላት ወፃኢ ፖሊሲ ስምረት............23
8.2 ዲፕሎማሲያዊ ዕለማታት............23
8.3 ምስ ኢትዮጵያ ዝህልወና ዝምድና............24
8.4 ዝምድና ምስ ኤርትራን ምስ ኩሉ ቀርኒ ኣፍሪካን............24
8.5 ፖሊሲ ዲያስፖራ............25
8.6 ተሳትፎ ዓለም ለኸ ፍትሒን ሰብኣዊ መሰላትን............25
8.7 ስትራተጂያዊ ብዙሃዊ ምትእስሳር............25

ክፍሊ-9 ..... 26
ራኢ ማሕበራዊ ፖሊሲ ውድብ ስምረት ..... 26
9.1 መሰረት ማሕበራዊ ፖሊሲ ሊበራል ዲሞክራሲ ..... 26
9.2 ደጊምካ ምህናፅን ምስግጋርን ትምህርቲ ..... 26
9.3 ኣብ ሰብኣዊ ክብርን ምክልኻል ሕማማትን ዝተመሰረተ ስርዓት ግልጋሎት ጥዕና ..... 27
9.4 ምክልኻል ተቓላዕቲ ዜጋታትን ኣካላትን፦ ደቂ ኣንስትዮ፣ ህፃናት፣ ኣረጋዊያንን ጉድኣትን ..... 27
9.5 ባህሊ፣ ጥበብን ሰብኣዊ ምዕባለን ..... 28
9.6 ዘይምእኹል ማሕበራዊ ግልጋሎት ..... 28
9.7 ዜግነታዊ ሓላፍነትን ወለንታዊ ምሕዝነትን ..... 28
ክፍሊ-10 ..... 29
ስነ–ከባቢያዊ ፖሊሲን ዘላቒ ልምዓትን፦ ውሑስ ስነ ከባቢ ትግራይ ..... 29
10.1 ፍትሓዊ ውህብ ከባቢ ሸኻል ሊበራል ዲሞክራሲ ..... 29
10.2 ክሊማ ዝፃወር ዳግመ ህንፀት ..... 30
10.3 ዳግመ ግረባን ምሕዋይ መፋስሳትን ..... 30
10.4 ተሓዳሲ ሓይሊን ንፁህ ቴክኖሎጂን ..... 30
10.5 ዘላቒ ሕርሻን ምምሕዳር ማይን ..... 30
10.6 ስነ ከባቢ፣ከተማን ሓምለዋይ ከተማታትን፦ ዘላቒ ምኽታም ..... 31
10.7 ትካላዊ ለውጢን ምምሕዳር ውህብ ከባቢን ..... 31
10.8 ትምህርትን ባህልን ውህብ ከባቢ ..... 31
ክፍሊ-11 ..... 32
ራኢ ስምረት ድሕረ ኩናት ዕርቂ ፣ፍትሕን ብሄራዊ ምፍዋስን ..... 32
11.1 ፍትሒ ከም ናይ ሰላም መሰረት ..... 32
11.2 ዝተማለአ ስትራተጂ ስግግር ፍትሒ ..... 32
11.4 ሃገራዊ ሓድነት ብመንገዲ ሃገራዊ ምይይጥን ሕጋዊ ሪፎርምን ..... 34
11.5 ነፃ ትካላት ንፍትሒን ሰላምን ..... 34
11.6 ኣንፈት ሓበራዊ ትረኻ ክብሪ ሰብ ..... 34
ክፍሊ-12 ..... 35
ስትራተጂ ስምረት ንቀጠናዊን ዓለማዊን ተሳትፎ-ግደ ትግራይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን ..... 35
12.1 ኣብ ነፃነት፣ ፍትሒን ሉኣላዊነትን ዝተመሰረተ ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ..... 35
12.2 ግደ ትግራይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ..... 35
12.3 ስትራተጂያዊ ዓለም ለኸ ምሕዝነት ..... 36
12.4 ትግራይን ዓለማዊ ፍትሒን ..... 36

12.5 ትግራይን ዓለማዊ ምንቅስቓስ ምሕዝነትን....36
12.6 ምህናፅ ዲፕሎማሳዊን ትካላዊን ዓቕሚ ትግራይ ....36
ክፍሊ-13....37
ቅዋም ውድብ ስምረት ኣብ ፌዴራሊዝም፣ መሰል ርእሰ ውሳነን መፃኢት ኢትዮጵያን ....37
13.1 መምሰሊ ፌዴራሊዝምን ምልክነትን ንነፅግ....37
13.2 ምርግጋፅ መሰል ርእሰ ውሳነ ....37
13.3 ድሕረ ፌዴራሊዝም ናብ፦ ሰለሰተ መንገዲታት....38
13.4 ህንፀት ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ትግራይ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ....39
13.5 ብዘይፍትሒ ሓድነት የለን፤ ብዘይነፃነት ሰላም የለን ....39
13.6 ድሕረ ሃፀይ ቀርኒ ኣፍሪካ....39
ክፍሊ-14....40
ክትቃለሰሉ ክብሪ ዘለዎ ዲሞክራሲያዊ መፃኢ....40
14.1 ቃልና ....40
14.2 ተልእኾና ....40
14.3 ፃዉዒት ንህዝብና ....41
14.4 መልእኽትና ንማሕበረሰብ -ዓለም ....41
14.5 ታሪኻዊ ውሳነ ....42

# መእተዊ

## ሕቶ ትግራይን ምንዳይ ኣፈታትሓ መንገዲን፦ ተግባራዊነት መንገዲ ፕራግማቲክ ሊበራል ዲሞክራሲ

ሕቶ ትግራይ ሕቶ ወሰንን ስልጣንን ጥራሕ ኮይኮነስ ኣብ ነዊሕ ታሪኽ፣ ኣድልዎ፣ ተጋድሎን ፓለቲካዊ ጥልመትን ሱር ዝሰደደ ናይ ህላዌ ቅልውላው እዩ። እዚ ኸዓ ህዝቢ ትግራይ ድሌቱን ባህጉን ክተማለአሉ ኣብ ዘይካኣለት ሃገር ብክብሪ፣ብነፃነትን ሰላምን ንምንባር ዝገበሮ ተጋድሎ ዘጠቓለለ እዩ። እቲ ብጃኖሳይድ፣ ጎበጣን ውድቀት ሰብኣዊነትን ዝፍለጥ 2013 ዓም ዝጀመረ ኣዕናዊ ኲናት ቅልውላው ትግራይ ክዓሙቑን ኣድላይነት ዘላቒ ፍትሓዊ ፍታሕ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ጊዜ ዘይህብን ክኸውን ገይርዎ ኣሎ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ዋላ እዐርዮም ዝማዕበሉ ኣይኹኑ ተናሓናሓቲ መፍትሒ መንገድታት ክመፁ ጀሚሮም ኣለው። ካብ ዝተሓደሰ ፌዴራሊዝምን መሰጋገሪ ስምምዕ ሊሂቃንን ክሳብ ሙሉእ ምንፃልን ዝበፅሑ መማረፅታት ኣብ ምኽራብ ይርከቡ። ግና እዚኦም ኩሎም ሓደጋ ምንኣስ፣ተነፅሎነትን ተወሳኺ ዘይምርግጋዕን ዘለዎም እዮም። ማኒፌስቶ ስምረት ንዞም ሓደጋታት ናብ ረብሓ ዝቕይር ኣቀራርባ ሒዙ መፂኡ ኣሎ። ንሱ'ውን ፕራግማቲክ ሊበራል ዲሞክራሲ ኮይኑ መሰረቱ ነፃነት ውልቀ ሰባት፣ ተሓታቲ ምሕደራ፣ ብዙሕነትን ኢኮኖሚያዊ ዕድልን ምስ ናይ ትግራይ ፍሉይ ኩነታት በሰላ ጄኖሳይዳዊ ኲናት ፣ ምድቓቕን ተስፋን ዝተጠዓዓመ እዩ።

ፕራግማቲክ ሊበራል ዲሞክራሲ ገይዒ ወይ ረቂቕ ሓሳብ ኣይኮነን። ስርዓታዊ መበገሲታት ቅልውላው ትግራይ ዝኾኑ ምልካውነት፣ ዘይማዕርነት፣ ጭቆናን፣ምምንዛዕ መሰላትን ንቃለሰሉ መንገዲ እዩ። ብጥንቃቐ ምስ ኩነታት ትግራይ ዝተጠዓዓመ ከይዲ ፖለቲካዊ ለውጢ፣ህንፀት ትካላትን ንጡፍ ተሳትፎ ውልቀ ሰባት፣ ውዳበታትን ህዝቢን ዝተዓጀበ ሊበራል ዲሞክራሲ ንሕቶ ትግራይ ክምልስ ጥራሕ ከይኮነስ ንተፃዋራይ፣ ምክብባርን ሓቛፋይን መፃኢ እውን ምቹዉ ኩነታት ዘንፅፍ እዩ።

# መቕድም

**ንምንታይ ውድብ ስምረት? ንምንታይ ሕዚ?**

ውድብ ስምረት ተላዒሉ ዘሎ መቐፀልታ ሕሉፋት ውድቀታት ኮይኑ ዘይኮነስ ደፋር ሓድሽ ተበግሶ ኮይኑ እዩ፡፡ካብ ሓጎስ ወይ ቅልውላው ወይ ድርድር ዝተፈጠረ ፓርቲ ኣይኮነን። ውድብ ስምረት ዝተወለደ ካብ ዓሚቑ ሃረርታ ህዝቢ ትግራይ ንነፃነት፣ ክብሪ ፣ ፍትሒ፣ ልምዓትን ቅኑዕ ዲሞክራስን እዩ።

ህዝብና ኣብ 21 ክፍለ ዘመን ብጭካንኡ ተወዳዳራይ ዘይብሉ ጀኖሳይድ ኲናት ኣሕሊፉ እዩ። እዚ ኲናት ህይወት በሊዑ፤ ትካላት ኢኮኖሚን ማሕበረሰባዊ ምትእምማንን ኣፍሪሱ። ቅድሚ እቲ ኲናት እውን እንትኾነ ብሽም ውድባዊ ቅቡልነት ዝሸቅጥ ምልክነት ጀሚሩ ኔሩ። ነቐፌታዊ ድምፅታት ዝዕፈንሉ፤ መሰላት ዝተኣጓጓሉሉን ተቓውሞ ከም ክሕደት ዝርኣዩሉን ኩነታት ሕዚውን ኣሎ። ሎሚ ሓሙኹሽቲ ጄኖሳይዳል ኲናት ተሸፊናን ክሕደት ጄኖሳይድ እንዳቃፀለናን ህፁፅ ምላሽ ዝሓትት ታሪኻዊ ሕቶታት ትግራይ ኣለውና። ንሳቶም እውን :- ከም ህዝቢ መን ኢና? እንታይ ፖለቲካዊ መፃኢ ብሓባር ክንሃንፅ ንመርፅ? ዝብሉ እዮም።

ውድብ ስምረት ዝተፈጠረ ብግልፂ ፣ ድፍረትን ቁርፀኝነትን ነዞም ሕቶታት ንምምላስ እዩ። ስምረት ኣብ ክብርታት ሊበራል ዲሞክራሲ፣ ሰብኣዊ ክብርን ምሕዝነታዊ ፖለቲካን ዝተሰረተ ሓዱሽ ጎደና ቃልሲ ሓንፂፁ ኣሎ። ብዘይ ነፃነት ሕፄት፤ ብዘይ ፍትሒ ሰላም፤ ብዘይ ሓቐፋይነት ሓድነት ከምዘይህሉ ስምረት ይኣምን፡፡ ሎሚ ናብ ዝሓለፉ ፎርሙላታት ምሕደራ ንምለሰሉ ጊዜ ኣይኮነን፡፡ ሕዚ ንትግራይ (ምስ ትካላታ ፣ ፖለቲካ፣ ባህሊን ሕብረተሰባዊ ውዕልን) ከም ሓድሽ ንሓስበሉ ጊዜ እዩ፡፡ ብሽም መኸተ ሓድሽ መላኺ ስርዓት ክህነፅ ኣይንደልን፡፡እቶም ናብዚ ዘብፅሑና መንገድታት ኩሎም ንነፅግ። ነፃነት ንመርፅ! ዲሞክራሲ ንመርፅ! ትግራይ ንመርፅ!

# ክፍሊ-1

# ሕቶ ትግራይ፡- ታሪኻዊን ህልዊን ቅልውላው

ሕቶ ትግራይ ንፅልን ሓድሽን ኣጀንዳ ኣይኮነን፡፡ ውስብስብ ፣ ታሪኻዊ ፣ፖለቲካዊን ቅልውላው ህላወን ኮይኑ ኣብ ሞንን ህዝቢ ትግራይን ተኸታተልቲ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝነበረን ዘሎን ዝምድና ዘንፀባርቅ ፀገም እዩ፡፡ሕቶ ትግራይ ሕቶ ህላዌ ፣ላኣላዊነት ፣ ፍትሕን ጠለብ ምንባር ብነፃነት ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ይኹን ካብ ኢትዮጵያ ወፃኢን እዩ፡፡

## 1.1 ታሪኻዊ መበቆል ሕቶ ትግራይ

ትግራይ ንነዊሕ እዋን ማእኸልን ወሰንን ኢትዮጵያ እናኾነት መፂኣ። ትግራይ መፈጠር ጥንታዊ ኣኹሱማዊ ስልጣነ፣ ቁልፊ ተራ ተፃወተት ኣብ ምፍጣር ኢትዮጵያዊ መንነትን ወናኒት ሃፍታም ውርሻን እያ፡፡ ኾይኑ ግና ዘመናዊ ህንፀት መንግስቲ ኢትዮጵያ ንትግራይ ብኹሎም ናይ ፖለቲካ፣ኢኮኖሚን ወታሃደራውን ኣግባባት እንዳግለለ መፂኡ እዩ፡፡ ፖሊሲ ጥርፉነት ሃፀያዊ መዋእል ንትግራይ ናብ ዝተዳነየት ወሰን ኣውሪድዋ ፡፡ ወተሃደራዊ መላኺ መንግስቲ ደርጊ እውን በዚ ፖሊሲ እዚ ቀፂሉ ፡፡ ከም ቀጥተኛ ግብረ መልሲ ንትግራይ ምድቋስን ምግላልን ኣብ መወዳእታ 1960ታት ህወሓት ተወሊዳ። ብህወሓት ዝተመርሐ ህዝባዊ ኲናት ክልላዊ ውሽጣዊ ነፃነት ንምርካብ ዝተገበረ ጥራሕ ከይኮነ ኔሩስ ካብ ጠለብ ማዕርነት፣ ዓርሰ ምሕደራን ፀረ መንግስታዊ ዓመፅን ዝተበገሰ ሓርነታዊ ኲናት ኔሩ፡፡ ድሕሪ ምስረታ ኢህወደግን ውድቀት ደርግን ንብሄር ብሄርሰባትን ህዝብታትን መስል ርእሰ ውሳነ ዝፈቅድ ፌደራላዊ ቅዋም ክፀድቕ ህወሓት መሪሕ ተራ ተፃዊቱ፡፡

እንተኾነ ግን መብፅኣ ፌደራሊዝም ብሰንኪ ምልክነት ቀስ ብቐስ ሃፊፉ ። ኢህወደግ ዝነበሮ ህዝባዊ ተቐባልነት ቀስ ብቐስ ዝሓንሸሸ፤ ስልጣን ናብ ባዕሉ ዝእከብ ፣ተቓውሞታት ዝዕፍንን ነፃ ትካላት ዝቆፃፀርን ናብ ምኗን ተሰጋጊሩ። ፌደራሊዝም ኣብ ክንዲ ንቅኑዕ ዲሞክራሲያዊ ዓርሰ ምሕደራ ዘገልግል መሳርሒ ቁፅፅር ሊሂቃን ክኸውን ጀሚሩ። ናይ ተቓውሞ ድምፅታት ብሽም ልምዓትን ምርግጋዕን ክዳኸሙ ተጌሮም ፡፡ ስለዚ ዘርእታት ናይዚ ናይ ሕዚ ቅልውላው ቅድሚ ምጅማር ኲናት 2013 ዓ/ም ኣቐዲሞም ዝተዘርኡ እዮም ፡፡

## 1.2 ኣብ 2013/14 ዓ.ም ዝተጀመረ ኲናትን ኣዕናዊ ተፅዕንኡን

ኣብ ሞንን ምምሕዳር ትግራይን ፌደራልን ዝጀመረ ፓለቲካዊ ውጥረት ኣብ 2013 ዓ/ም ኲናት ክውላዕ ቀጥተኛ ምክንያት ኮይኑ። ንዚ ስዒቡ ዝመፀ ወታሃደራዊ ወፍሪ ተራ ወታሃደራዊ ወፍሪ ከይኮነስ ንልዕሊ ክልተ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ትግራይ ናይ ዝተኻየደ ጀኖሳይዳል ፕሮፖጋንዳ መኸምበቲ ወታሃደራዊ ስጉምቲ እዩ፡፡ ሲቪላት ብጅምላ ተጨፍጪፎም፤ ደቂ ኣንስትዮ ብጅምላን ብሓባርን ታዓሚፀን፤ ባህሊ፣ ሃይማኖትን ቅርስን ተራኺሱ፣ መላእ ሕ/ሰብ ክጠሚን ካብ መረበቱ ክፈናቐለን ተጌሩ፤ መላእ ትግራይ ዓኒዩ።

እዚ ኲናት ክግመት ዘይኽእል መከራን ትካላዊ ምፍርራስን ኣስዒቡ፡፡ ትግራይ ካብ ርክባት፣ ሓገዝን ንግድን ተቆሪፃ ትምህርቲ ቤታት፣ ጥዕና ትካላት፣መንገድታትን ምምሕደራዊ ስርዓታትን ፈራሪሶም፡፡ ህዝቢ ትግራይ ከም ህዝቢ ተቐፂዑ። ዋላ እውን ድሕሪ ዕላዊ ምቁራፅ ተፃበኦ ምግላል፣ ጎበጣ፣ ዕፅዋን ምውራድን ብዝተፈላለየ መልክዓት ቀፂሎም ኣለው።

እዚ ኩነታት እዚ ንሕቶ ትግራይ ዕምቆት ወሲኹሉ። ሕቶ ትግራይ ሕቶ ዓርሰ ምሕደራን ወይ ሕቶ ምውጋድ ፖለቲካዊ ፀቕጢን ጥራሕ ምኳኑ ኣቋሪፁ ሕዚ እቲ ሕቶ ብዛዕባ ኣብ ውሽጢ ጀኖሳይድ ዝፈፀመትልካን ክፍፀመልካ ዘኽእለትን ሃገር ምንባር

ይካኣል ዶ?  ክትክእል እንተኮይንካ እንታይ ሕጋዊን ፖለቲካዊን ውሕስናን መተኣማመንን የድሌካ? ዝብል ኮይኑ ኣሎ። ንህልውናና ተጣሊዑ እዩ  እንብሎ  ሃገር ድሕሪ ሕዚ ንኣምኖ ዶ ኣይኣምኖን ኮይኑ ኣሎ እቲ ሕቶ፡፡

## 1.3 ምድቓቕ፣ ተስፉ ምቑራፅን ቅልውላው ፖለቲካዊ መሪሕነትን

ትግራይ ሰብኣዊን ቁሳዊን ብርሰትን ሞራላዊ ውድቀትን ጥራሕ ኣይኮነን ኣጋጢምዋ። ብፖለቲካ እውን ደቂቓ እያ፡፡ ሓደ እዋን ጠቕላላ ቅቡልነት ኣለና ዝብል ዝነበረ ገዛኢ ፓርቲ ሎሚ  ፈሪሱ እዩ፡፡ ውሽጣዊ ምክፍፋልን ፖለቲካዊ ምድቃቕ ሊሂቃንን ምፅልማት ተስፋን  መግለፂ ፖለቲካ ኩነታት ትግራይ ኮይኖም ይርከቡ፡፡ ሕቡር ኣመራርሓ የለ ከመይ ንኺድ ኣብ ዝብል ምርድዳእ የለን፡፡ ናይ ውሽጢ ይኹን ናይ ደገ ፖለቲካዊ ተዋሳእቲ ዝኣምኖም  እናዋሓደ እዩ ፡፡

ብኩናት ኣብ ዝፈራረሰት ትግራይ ዜጋታታ ባዕሎም ንባዕሎም እንትሕልው፤ ተዋሳእቲ ፖለቲካ ግን ዝኣረገ ስብከትን ፀለመን ከደግሙ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ። ትካላዊ ንፅረት ዘይምህላው፣ ምሽርሻር ዲሞክራሲያዊ ቅቡልነትን ምጥቃም መንነት ንፖለቲካዊ ዕላማን መለኸቲ ከምዝምዝዎ ዝኽእሉ ክፍተት ፈጢሩ ኣሎ።

## 1.4 ካስማታት ሕቶ ትግራይ

ሎሚ ሕቶ ትግራይ ብዛዕባ ምውሳን ፖለቲካዊ መሰል ሓደ ህዝቢ ኣብ ፅባሕ ፍፃመ ጀኖሳይድ፤ ብዛዕባ ዳግመ ህንፀት ካብ ሓሙኹሽቲ መጥቃዕቲ ጀኖሳይድን ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይ ደጊሙ ጅሆ ደጋዊን ውሽጣዊን መለኸቲ ዘይኾነሉ ኩነታት ናይ ምውሓስን ሕቶ እዩ። ሕቶ ትግራይ ሕቶ ሓርነት፣ ሕቶ ፍትሒን ምውሓስ ህላዌን ኮይኑ ይርከብ። ከምኡ እውን ብዛዕባ ምዕያይ ብመትከላዊ፣ ሓቐፋይን ብሩህ መፃኢን እዩ። እዚ፣ ውድብ ስምረት ዝተሃነፀሉ መሰረት እዩ። ስምረት ስልጣን ክወርስ ዝመፀ ውድብ  ኣይኮነን። ድሌትና ንስልጣን ምስትባሃል (reimagine) እዩ ።  ኣብ ልዕሊ ዝፈራረሱ ኣረግቶት ስርዓታት ኣረጊት ኣገዛዝኣ ናይ ምንባር ድሌት የብልናን። ውድብ ስምረት ዝኣምን ብምፍጣር ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ( ዝሕተት፣ ብብዝሃነት ዝኣምንን ተፃዋራይን) እዩ።

# ክፍሊ-2

# ራኢና፦ ነፃ፣ ፍትሓዊት፣ልምዕትን ዲሞክራሲያዊትን ትግራይ

ራእይ ውድብ ስምረት "ነፃ፣ ፍትሓዊት፣ ልምዕቲ፣ ዲሞክራሲያዊት ፣ ባዕላ ንባዕላ ተማሓድር ፣  ምዕብልቲ ፣ ካብ ሓሙኩሽቲ ኩናትን ምልክነትን ተላዒላ መርኣያ ተፃዋርነት፣ ተሓታትነትን ክቡርነት ሰብን ዝኾነት ትግራይ ምርኣይ

## 2.1 ራኢ ነፃነት

ነፃነት ከምሓለፋ ብመንግስቲ ዘይዕደለላ ከም መሰል ንኹሉ ዘውሓሰት ትግራይ ንርኢ። ነፃነት ምዝራብ፣ እምነት፣ ምእካብን ምውዳብን ክሕሎን ክተባባዕን ኣለዎ። ዝኾነ ዜጋ ብምኽንያት ኣተሓሳስብኡ (ህሊንኡ) ምግላፅ ክእሰር፤ ክዕፈንን ክስወርን የብሉን። ኩሉ ትግራዋይ ካብ ፍርሒ፣ ክትትል፣ ፀቕጢ ወይ ሃውሪ ስልጣን ነፃ ኮይኑ ክነብር ይግባእ። ናይ ነፃነት ራኢ ብተወሳኺ ኢኮኖሚያዊ ነፃነት የጠቓልል። ኢኮኖሚያዊ ነፃነት ማለት ንስራሕ ንግዲ፣ ሞያውን፣ ሃፍቲን ምህዞን ብዘይ ቁፅፅር ቢሮ ክራሲ፣ ግዕዝይናን ክራይ ኣካብነትን ዘጠቓለለ እዩ። ነፃ ዜጋ ጥራሕ ነፃ ሕ/ሰብ ይሃንፅ።

## 2.2 ራኢ ፍትሒ

ፍትሒ መሰረት ሞራላውን ፖለቲካዊን ፕሮጀክትና እዩ። ብዘይ ፍትሒ ሰላም ብዘይተሓታትነት ቅቡልነት የለን። ውድብ ስምረት በሰላ ኹናት፣ ናይ ዝሓለፈ ግዘ ወንጀላትን ጥልመት ስልጣንን ዝሕከኹ ብመንገዲ ግሉፅን ተጠቃሚ ማእኸል ዝገበረን ከይዲ ስግግር ፍትሒ እዩ ኢሉ ይኣምን። ኣብዚ ዝጠቃለሉ ሓቂ ምውፃእ፣ ሕጋውነት፣ ተሓታትነት ገበን ኹናት፣ ምኽሓስ ግዳያትን ትካላዊ ለውጥን እዮም ። ብተወሳኺ ፍትሒ ማለት ምርግጋፅ ተሓታትነት እዩ። ፍትሒ ማለት ብቀፃልነት ምቅላስ ኮራፕሺን፣ ወገንነትን ምልክነትን ዝፈጥሩ ኩነታት ማለት እዩ። ፍትሒ ማለት ማሕበራዊ ቀፀላ፣ ፖለቲካዊ ቅርበት፣ ዖታን ከባቢን ዘይዓግቶ ማዕረ ቅርበት ንሕጋዊ ከለላ፣ ኢኮኖሚያዊ ተጠቃምነትን ህዝባዊ ኣገልግሎትን ማለት እዩ።

## 2.3 ራኢ ዲሞክራሲ

ዲሞክራሲ እንትንብል ብዛዕባ ኣብ ዝተመደበ እዋን ዝግበር መረፃ ጥራሕ ማለትና ኣይኮነን። ዲሞክራሲ ብዛዕባ ምክያድ ተወዳዳራይ መረፃ፣ ምህናፅ ባህሊ ምይይጥ፣ ተሳትፎ፣ ቡዙሕነት ትካላዊ ምርግጋፅን ምምዝዛንን መንግስቲ እዩ። ዲሞክራሲ ካብ ቀበሌ ጀሚሩ (ህዝቢ ዝነብረሉ) ክሳብ ናይ ክልል ፓርላማ ዝበፅሕ፤ ከም ስርዓት ዜጋታት መረፅቲ ዝኾንሉ ጥራሕ ከይኮነስ ንጡፋት ሓበራዊ ቀረፅቲ ፖሊሲን መውሓስቲ ህዝባዊ ተኣማንነትን ዝኾንሉ እዩ። ዲሞክራሲ ማዓልታዊ ህይወት ህዝቢ እዩ። rስምረት ንውክልናን ቀጥታን ዲሞክራሲ ጠጠው ዝበለ ኮይኑ እዚ እውን ኣብ ናይ ትግራይ ሲቪክ ልምዲ ዝተመሰረተን ናይ ዓለም ብሉፃት ተሞክሮታት ዝተወከሰን ይኸውን። ራኢና ነፃ ቤት ፍርድታት፣ ነፃ ሚድያ፣ ኣንፀባራቕቲ ሰቪል ማሕበራት፣ ሞያዊ ቢሮክራሲን ጠንካራ ስርዓት ታሓታትነትን ምፍጣር እዩ። ኩሎም መደናገሪ ህዝበኝነትን ቴክኖክራቲክ ምልክነትን ኣይንቕበልን።

## 2.4 ራኢ ተፃዋራይ ርእሰ ምሕደራ

ትግራይ ካብ ኣዲስ ኣበባ ወይ ካብ ዝኾነ ካሊእ ማእከል  ብርሕቀት መቆፃፀሪ እንዳተኣዘዘት ክትዓቢ ኣይትክእልን። ዓርሰ ምሕደራ ሓቀኛ፣ ዘይምእኹልን ሓቛፋይን ክኸውን ኣለዎ። ራኢና ባዕላ ንባዕላ ተመሓድር (ምስ ቁቡልነት፣ ግልፅነትን ብቕዓትን) ትግራይ እያ። እዚ ማለት ስልጣን ከባቢያዊ ባይቶታት ምዕባይ፣ ነፃነተን ምሕላው ከምኡ እውን  ምርግጋፅ ናይ ህዝቢ ቁፅፅር ኣብ ኩሎም ደረጃታት መንግስታዊ ትካላት ማለት እዩ። ተፃዋራይ ርእሰ ምሕደራ ማለት ንፖለቲካዊ ነውፂ፣

ደጋዊ ፀቕጢን ውሽጣዊ ክፍፍልን ዝፃወሩ ዲሞክራሳያዊ ትካላት ምህናፅ ማለት እውን እዩ። እዚ ከዓ ንትሕትና ፣ ግሊጋሎትን ቅዋምነትን ዘተባብዕ ሓዱሽ ፖለቲካዊ ባህሊ ይጠልብ።

## 2.5 ራኢይ ሓድነት ኣብ ውሽጢ ብዝሃነት/ፍልልይ/

ትግራይ ሓደ ዓይነት ስርሓት /ሞኖሊቲክ/ ኣይኮነትን። ትግራይ ገዛ ዝተፈላለዩ ኣረኣያታት፣ ተሞክሮታት፣ እምነታት፣ ኣውራጃታት፣ ማሕበረሰብን ብሄረሰባትን እያ። ራኢና ብዝሃነት የኽብርን ይቕበልን፤ ብዝሃነት ብናይ ሓባር ክብርታት የተኣሳስር፤ ፖሊሲ ምምስሳል ይነፅግ። እምነት ውድብ ስምረት፦ ስምረት ንምጥርጣር፤ ምትሕብባር ንምግዳድ ክትክኡ እዩ። ሓድነት ብፕሮፖጋንዳ ወይ ብጭቆና ኣይመፅእን። ሓድነት ዝህነፅ ብመንገዲ ሓቢርካ ምንባር፤ ምትእምማን፣ ሓቂን ግልፅነትን እዩ። ስምረት ጠንካራ ምትእምማን ንምፍጣር ዜጋታትን ሲቪክ ውዳበታቶምን ማእኸል ፖለቲካዊ ህይወት ክኾኑ ኣለዎም ኢሉ ይኣምንን ብቁርፀኝነት እውን ክቃለስ እዩ። ንዜጋታት ኣግሊሉ ንፖለቲካዊ ፓርቲታት፣ ንጉጅለታት ወይ ፍሉያት ኣካላት ጥራሕ ማእከል ፖለቲካዊ ህይወት ዝገብር ኣካይዳ ኣይንቕበልን።

## 2.6 ራኢ ልምዓት

ኢኮኖሚያዊ ዳግመ ህንፀትን ሰፊሕ መሰረት ዘለዎ ሓቛፋይ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት፣ ትኹረት ድሕረ ኲናት ኢኮኖሚያዊ ዳግመ ህንፀት መሰረት ልምዓት፣ ሕርሻ፣ ኢንዳስትሪን ዕዳጋን ፣ንምቕቃሕ ኢንትረፕረነርሺፕ፣ ውልቀ ወፍርን ምህዞን ስራሕ ዕድልን ፣ ብኲናት ንዝተጎድአ ህዝቢ፣ መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮን ሓረስቶትን ፣ ምህናፅ ግልፂ፣ ተፃዋራይን ማሃዛይን ንፍትሓዊ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ዘተባብዕ፣ ፋይናንሳዊ ምርግጋእ ዝፈጥርን ንኩሎም ዜጋታት ተበፃሓይን ዓቕሚ ዝፈጥርን ዘርፊ ፋይናንስ ትግራይ::

# ክፍሊ-3

# ስነ-ሓሳብና ኣብ ኩነታት ትግራይ ዝሰረተ ፕራግማቲክ ሊበራል ዲሞክራሲ

መለለዪ ስምረት ኣብ ኩነታት ትግራይ ዝሰረተ ፕራግማቲክ ሊበራል ዲሞክራሲ ማለት ውልቀ ነፃነት ዘኽብር፣ ናይ ሓባር መሰል ዝቕበል፣ህዝባዊ ተሓታትነት ዘረጋግፅ፣ መሰል ውሑዳትን ብሄር ብሄረሰባትን ዝሕሉን ሓቛፋይ ልምዓት ዘሰጉሙን ስርዓት ምሕደራ ምህናፅ እዩ። እዚ ስነ-ሓሳብ እዚ ብጅምላ ካብ ምዕራብ ዓለም ኣታዊ ንገብሮ ኣይኮነን። ኣብ ናይ ትግራይ ፍሉይ ታሪኻዊ ተሞክሮታት፣ ሞራላዊ ድሌትን ፖለቲካዊ ክውንነትን ዝተሰረተ እዩ።

## 3.1 ሊበራል ዲሞክራሲ ንምንታይ ንትግራይ?

ሊበራል ዲሞክራሲ ፍፁማዊ ዓይነት ምሕደራ ኣይኮነን። ፍልልይ ንምምሕዳር፣ ስልጣን ወይ ሓይሊ ንምቁፅፃርን ሰላማዊ ለውጢ ንምምፃእን እቲ ክሳብ ሕዚ ዝፍለጥ ዝሓሸ መስርሕ ግን ሊበራል ዲሞክራሲ እዩ። ኣብ ናይ ትግራይ ናይ ቀረባ እዋን ተሞክሮ ዝተራእየን እንዳዓበየ ዝመፀን ምልካዊ ኣገዛዝኣን ዕብለላ ሓደ ፓርቲን፤ ጀኖሳይዳል ኲናትን ጅምላዊ ግፍዒ ወረርትን ዘርድኡና እንተሃሊዩ ሓደጋታት ዘይዕገት (ዘይተኣደነ) ስልጣንን ውትህድርናዊ ፖለቲካን ክንደየናይ መዕነውቲ ምዃኖም እዩ። ሊበራል ዴሞክራሲ ዝተመረፀሉ ምኽንያት፡-

√ ምልክነት ዝከላኸል ትካላዊ ቁፅፅርን ሚዛናዊነትን ክህሉ ስለዝገብር፤

√ ሰለማዊ ስግግር ስልጣንን ተወዳዳራይ ፖለቲካን ክህሉ ስለዘኽእል፤

√ ውልቀ ሰባዊ ክብርን መሰልን ይከላኸል ብፍላይ ከዓ ኣብ ኩነታት ድሕረ ኲናት፤

√ ናይ ምዝራብ፣ ናይ ምሕሳብን ሕሊናን ነፃነት ስለዘኽብር

√ ንናይ ሲቪል ማሕበረሰብ፣ ሚዲያን፣ ዳይነትን ነፃነት ቦታ ስለዘኸፍት፤

√ ዝሕተት ምሕደራ ክህሉ ስለዝገብር

## 3.2 ፕራግማቲክ ክንብል ከለና እንታይ ማለትና እዩ?

ናትና ሊበራሊዝም ፕራግማቲክ እዩ። ዶግማቲክ ኣይኮነን። ኣይዲኦሎጂ ምስ ነባራይ ኩነታት ትግራይ ተጣዒዒሙ ይትግበር። ትግራይ ጊዜ ዘይህቡ ፀገማት ከምዝገጠምዋ ንርዳእ ኢና (ካብ ዘይውሕስና ምግብን ምፍራስ መንግስትን ጀሚሩ ክሳብ ናይ ኣምሓራን ኤርትራን ጎበጣን ቃንዛ ህዝብን)ማለት እዩ። እዚኣቶም ከዓ ብረቀቕቲ ሓሳባት ወይ መትከላት ጥራሕ ዝፍትሑ ኣይኮኑን። ፕራግማቲክ ሊበራል ዲሞክራሲ ማለት ፡-

√ ምጥዕዓም ዲሞክራቲክ ትካላት ምስ ባህሊ፣ ተሞኩሮ፣ ውሱንነታትን ወይ ኣፀገምቲ ጉዳያትን ማለት እዩ። ኣብ ናይ ትግራይ ኩነታት ንውፅኢታት ምሕደራ (ፀጥታ፣ ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ልምዓት ወዘተ) ቀዳምነት ይህብ።

√ ቅድሚ ሙሉእ ሊበራላይዜሽን ኣድላይነት ዳግመ ህንፀት መንግስትን ዓቅሚ ምዕባይን ከምዝቕድም ይግንዘብ፣

√ ፖለቲካዊ ስርዓትና ኣብ እምነት ህዝቢ ዝምስርት ንናይ ሊሂቃን ምድርዳር ጉቡእ ቦታ ዝህብ እዩ ፣

√ ኣብ ኩነታት ትግራይ ኣድላይነት ምምፃእ ኩለመዳያዊ ቅልጡፍ ስግግር ዝኣምን ማለት እዩ፣

እዚ ክውንነታዊነት ንሽኻል ነፃነታት ሊበራሊዝም ዘይሸርሽርን ዘጠናኽርን ኮይኑ ይትግበር። እዚ ማለት ምእንቲ ምርግጋእ ተባሂሉ ነፃነታት ናብ ድርድር ኣይኣቱን ፡፡ ግን ኣድላይነት ምርግጋዕን ትካላትን ከዓ ክንርስዕ የብሉን፡፡

## 3.3 ኣብ ናይ ትግራይ ፖለቲካዊን ሲቪካውን ባህሊ ዝሰረተ

ሊበራል ዲሞክራሲ ክዕወት እንተኾይኑ ንቲ ዝትግበረሉ ባይታ ጻና ክኸውን የብሉን፡፡ ውድብ ስምረት ትግራዋይ ሞዴል ሊበራል ዲሞክራሲ ይሃንፅ፡-

√ ሲቪካዊ ልምድታት ትግራይ ከም ማሕበረሰባዊ ምይይጥ (ባይቶ)፣ ባህሊ ህዝባዊ ኣኼባታትን ዘተታትን፣ ምኽብባርን ምክእኣልን፣ ሓበራዊ ኣረዳድኣ ምፍጣር ፣ ታሪኻዊ ተዘክሮታት፣ ዓርሰ ምሕደራ፤ ተጋዳላይነትን ውፍይነትን፣ ብሓባር ምውፋርን ምስራሕን ንምፍታሕ ሓበራዊ ፀገማት፣ ሕጊ ኣኽባሪ፣ መኸተን ፍትሒ ምድላይን ወዘተ ባህላዊ መሰረታት ሊበራል ዲሞክራሲ ክብርታት ትግራይ እዮም።

√ ባህላዊ ክብርታት ምትሕግጋዝን ማሕበራዊ ህዝባዊ ክብርን ሓበራዊ ሓላፍነትን፤

√ ባህጊ ሰብኣዊ ክብሪ፣ ህዝባዊ ድምፂን ቅዋማዊ ውሕስናን ፤

ናይ ደገ ሞደል ምትካል ኣይኮነን ድሌትና፡፡ እንታይ ደኣ ዓለማዊ ዲሞክራሲያዊ ክብርታት ምስ ናይ ትግራይ ክውንነትን ተፃዋራይነትን ምቕማር እዩ፡፡ ናይ መኸተ ሌጋሲና ክኸበር ኣለዎ ኢልና ንኣምን። እንተኾነ ግን ካብ ዕጥቂ ቃልሲ ዝዓብለሎ ናብ ሲቪክ ምሕያል ክሰጋገር ከምዘለዎ እውን ንኣምን፡፡

## 3.4 ንምልክነት ንነፅግ

ውድቀት ሕሉፋት ኣገዛዛኣታት (ካብ ሃፀያዊ ጥርፍነት ክሳብ ብሽም ውድባዊነት ዝተፈጠረ ምልክነት ክሳብ ወታሃደራዊ ፌደራሊዝም) ናይ ቅድሚት ሞዴል ምሕደራ ክኮኑና ኣይክእሉን። ውድብ ስምረት ንዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ብሙሉእ ይነፅግ፡-

√ ኣገዛዝኣ ሓደ ፓርቲን ሪኢቶ ዓለማዊ ሞኖፖሊን፤ ምስ ፌደራሊዝም ዝተመሳሰለ ኣምባገነንነትን ውልቀ ኣምልኾን

√ ኪራይ ኣካቢ ኢኮኖሚ

√ ንሓቅን ተሓታትነትን ብፕሮፓጋንዳ ምትካእ።

√ ትግራይ ግድን ወይ ብሄራዊ ምልክነት ወይ ፅግዕተኛነት ኣብ ፌደራሊዝም ክትመርፅ ኣለዋ ዝብል ዘይትኽኽለኛ ክልቲኣዊ ንፅፅር ውድብ ስምረት ኣይቕበሎን። ዉድብ ስምረት ሳልሳይ መማረፂ ኣለና ሊበራል ዓርሰ ምሕደራ፣ ቅዋምነትን ሓቋፋይ ብዝሃነትን።

# ክፍሊ-4

# ስትራተጂያዊ ሽቶታትን ዓምድታትን ፖለቲካዊ ፕሮግራም ውድብ ስምረት

ራኢናን ሪኢቶ ዓለምናን ናብ ክውንነት ንምልዋጥ ውድብ ስምረት ዝተማለአን ተግበራዊን ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣማዕቢሉ ኣሎ። እዚ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣብ ሽዱሽተ ነኒባዕሎም ዝተዛመዱ ዓምድታት ዝተመስረተ እዩ። እዞም ዓምድታት እዚኦቶም ናይ ፓሊስና፣ ፓለቲካዊ ምንስቕስቓስናን ትካላዊ ቅርፅናን መምርሒ እዮም።

## 4.1 ዓምዲ 1፡-መሊስካ ምውናን ዓርሰ ምሕደራን ፖለቲካዊ ነፃነትን ትግራይ

**ሽቶ፡-** ኣብ ዲሞክራሲያዊ ፍቓድኝነት ህዝቢ ትግራይ ተመስሪትካ ገዛእቲ ትካላት ትግራይ ተሓተትቲ፣ ነፃን ወከልትን ጌርካ ምህናፅ

**ቁልፊ ተግባራት :**

√ ምርቃቕን ምፅዳቕን ህዝባዊ ቅዋም ትግራይ። ኣሳታፋይን ግልፅን ከይዲ ይኸተል ።

√ ምጥያሽን ምምሕያሽን ክልላዊ ፓርላማ፤ ዳይነት ስርዓትን ከባቢያዊ ምምሕደራትን ትካላዊ ቁፅፅርን ሚዛንን ንምርግጋፅ

√ ምውሓስ ነፃነት መረፃን ብዙሃነት ፓርትታትን፤ ምውጋድ ዓብላልነት ሓደ ፓርቲ

√ ውሽጣዊ ዘይምእኹልነት ምምሕዳር ምድጋፍ ስልጣን ወረዳታትን ማዘገጃቤታትን ምጥንኻር

√ ምርግጋፅ ዓርሰ ምሕደራ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ዝተሓደሰ መሰል መሰረት ዝገበረ ፌደራሊዝም ወይ ኮንፌደራል ምትዕርራይ ወይ ብህዝቢ ብዝውሰን መስርሕ ዝርከብ ነፃ ሃገርነት

## 4.2 ዓምዲ 2፡- ናይ ስግግር ፍትሕን ህንፀት ሞራልን

**ሽቶ**፡- ምሕዋይ ቁስልታት ትግራይ፡- ብመንገዲ ግፍዕታት ምቅላዕ ፣ ሓቂ ከወፅእ ምትብባዕን ኲሎም ግዳያት ፍትሒ ክረኽቡ ምግባርን

**ቁልፊ ተግባራት፡-**

√ ምጥያሽ ኮሚሺን ትግራይ ንሓቂን ፍትሕን ገበን ኲናት፣ ብሓይሊ ምስዋርን ገበን ኣንፃር ወዲ ሰብን ንምምዝጋብ

√ ምድጋፍ ግዳያት ማእኸል ዝገበረ ፍትሒ ብመንገዲ ካሕሳታት፣ ዝኽርታትን ሕጋዊ ተሓታትነትን

√ ምጥያሽ ነፃ መፃረዪ ውሽጣዊ ዘይንብሩነትን ዘይግቡእነትን መምህርቲ ምልካዊ ተግባራትን ኣብ ምሕደራ ትግራይ

√ ቃንዛ መሰረት ዝገበረ ናይ ምትዕራቕ ፕሮግራማት

√ ስርዓት ሕጊ ትካላዊ ምግባር ፣ ታሓታትነት ገበን ምርግጋፅ( impunity ዘይምቕባል)

**4.3 ዓምዲ 3፦ ህንፀት ነፃ፣ ግልፅን ብዙሃዊን ህዝባዊ ዓውዲ**

**ሽቶ፦ ንግልፂ ክትዕ፣ ነፃ ሓሳብ ምግላፅን ሲቪካዊ ተሳትፎን ክብሪ ዝህብ ፖለቲካዊ ባህሊ ምፍጣር**

**ቁልፊ ተግባራት :**

√ ምውሓስ ነፃነት ምግላፅ፣ ፕረስን ህሊናን ብቅዋማዊ ሓለዋ

√ ተቓውሞን ፍሉይ ሓሳብን ዝዕፍኑ ተሞኩሮታት ምውጋድ፣ ቅዋማዊ ሓለዋ ጋዜጤኛታት፣ ነጠፍቲን መንቃሕቲ ሕብረተሰብን

√ ምድጋፍ ዕብየት ነፃ ሚድያ፣ መራኸብቲ ሓፋሽን ድጅታል ሲቪክ ፕላትፎርምታትን

√ ምትብባዕ ትምህርቲ ስነ ዜጋ ንፍልጠት ዲሞክራሲን ዲሞክራሲያዊ ክብርታትን

√ ምውዳብ ኮምሽን ህዝባዊ ስነ ምግባርን ቅንዕናን

## 4.4 ዓምዲ 4፦ ኢኮኖሚያዊ ነፃነትን ሓቛፋይ ልምዓትን

**ሽቶ፦** ህንፀት ኣብ ፍትሓውነት፣ ምፍጣር ዕድልን ዘላቕነትን ዝተመሰረተ ምዕቡል ናይ ዕደጋ ኢኮኖሚ

**ቁልፊ ተግባራት ፦**

√ ምትዕርራይ ምስ ፓርቲ ዝዛመዱ ትካላት ንግዲን ብመንግስቲ ጥራሕ ዝውነኑ (state capture markets) ዕዳጋታትን ብመንገዲ ሊበራላይዜሽንን ፀረ ግዕዝይና ሪፎርምን

√ ምርግጋፅ መሰል ዋንነትን ምትእትታው ኣሰራርሓ ፍትሓዊ ውድድርን ንምሕላው ኣናእሽተይ ወነንትን ኢንትረፕረነርን

√ ልምዓት ሓቛፋይ መሰረት ልምዓት፣ ስራሕ ፈጠራን ሞያዊ ስልጠናን ቀዳምነት ምሃብ

√ ብደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ኣብ ዝምርሑ ኢንተርፕራይዛት፣ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት፣ ምህዞታትን ገፀር ኢኮኖሚን ኢንቨስት ምግባር

√ ምትብባዕን ምድጋፍን ሕዌት ሕርሻ፣ ምልማድ ቴክኖሎጂን ሉኣላውነት ምግብን

## 4.5 ዓምዲ 5፦ ማሕበራዊ ሓለዋን ሰብኣዊ ምዕባለን

**ሽቶ፦** ምፍጣር ዓቕሚ ምርካብ መሰረታዊ ድሌታት ወዲ ሰብን መንግስታዊ ግልጋሎትን ንኩሉ ትግራዋይ

**ቁልፊ ተግባራት፦**

√ ምጅማር ትግራይ መርበብ ድሕነት/ሴፍቲኔት/ ኩናት ንዝሃሰዮም፣ ተመዛበልቲን ተቓላዕትን ህዝቢ

√ ዳግመ ህንፀት ስርዓት ጥዕናን ስርዓት ትምህርትን ትግራይ (ብናይ ሕብረተሰብን ዲያስፓራን ተሳትፎ)

√ ምህናፅ ጥዑይ ሓንጎል ፣ ምሕካም ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲን ድጋፍ ፕሮግራም ግዳያትን

√ ምውሓስ ፆታዊ ማዕርነትን፣ ምክታት ጉድኣት ኣካል፣ ምግላል ምክልኻል

√ ምስዃም መሰል መሰረት ዝገበረ ምትሕብባር ሰብኣዊ ሓገዝን ምውጋድ ፖለቲካዊ ኣእታውነት ኣብ ምክፍፋል ረድኤትን

## 4.6 ዓምዲ 6፦ ቀጠናዊ ፀጥታ፣ ዝምድናታት ወፃኢን ሰላምን

**ሽቶ፦** ምውሓስ ሰላም ትግራይ፣ ምክልኻልን ሃናፃይ ቀጠናዊ ዲፕሎማሲን

**ቁልፊ ተግባራት፦**

√ ናይ ደገ ሓይልታት ካብ ትግራይ ክስሕቡ ምግባርን ምኽባር ቅዋማዊ ወሰን ትግራይን

√ ምፍጣር ኣብ ቁፅፅር ሲቪላት ዝተመስረተ ሲቪላዊ ምክልኻል ትግራይን ናይ ፀጥታ ሪፎርምን

√ ምስዃም ቀጠናዊ ዲፕሎማሲ፣ ሰላም ምስ ጎረባብትን ዓለም ለኸ ማሓዙትን

√ ምህናፅ ምስ ዓለም ለኻዊ ኣሰራርሓ ዝኸይድ ሕጋዊ መስርሕ ዓርሰ ምክልኻልን ውሽጣዊ ነፃነትን፣

√ ምንቅስቃስ ስምረት ዲያሲፓራን ምህናፅ ወፃኢ ፖሊሲ ዓቕምን ንምውሓስ መሰላት ትግራይ

# ክፍሊ-5

# ታሪኻዊ ኣመፃፅኣ፣ ህልዊ ቅልውላውን ፓለቲካዊ መፍትሕን ሕቶ ትግራይ

ሕቶ ትግራይ ቁንፁል ፖለቲካዊ ኣጀንዳ ኣይኮነን። ሕቶ ትግራይ ናይ መዋእልና ናይ ብሄር ሕቶ ዝግለፅሉ ቀንዲ መልክዕ እዩ። ናይ ትግራይ ታሪኻዊ መንነትን ፖለቲካዊ ኤጀንሲን በቲ ሓደ ገፅ በቲ ካሊእ ገፅ ከዓ ኣብ ውሽጢ ወይ ካብ ሃገረ ኢትዮጵያ ተፈሊና ዘለና ቦታን ዘሎ ዓሚቑን ዘይተፈተሐን ጎንፂ ዝገልፅ ሕቶ እዩ። ውድብ ስምረት ምርዳእን ምፍታሕን እዚ ሕቶ እዚ ንሰላም፣ ንክብሪ ወዲ ሰብን ዲሞክራሲን መሰረታዊ እዩ ኢሉ የኣምን።

## 5.1 ታሪኻዊ መበቆል ሕቶ ትግራይ

ሕቶ ትግራይ ካብ ናይ ክፍለ ዘመናት ምግላል፣ ዝተዓናቐፈ ሉኣላውነትን ካብ ተፈጥሮ ኢትዮጵያን ዝብገስ ሕቶ እዩ። ብታሪኽ:- ትግራይ ማእኸል መቦቆል ስልጣነ ኢትዮጵያ ማለት ገዛ ኣክሱማዊት ሃፀያዊ ግዝኣት፣ ስክሪፕት ግእዝ ፣ያሬዳዊ ዜማ፣ ቤት ሰለስቲኦም ጥንታዊ ሃይማኖታት ዓለም፣ ንግስናን መንግስታዊ ትካላትን ማእለያ ዘይብሎም ጥንታዊ ቅርስታትን ባህልታትን እያ። ትግራይ በብጊዚኡ ብዝመፁ ተኸታታልቲ ሃፀያዊን ማእኸላዊን ገዝኣቲ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊን ኢኮኖሚያዊን ኣድልዎን ተፀዕኖታትን እንዳበፅሖ መፂኡ።

ኣብ እዋን ሚኒሊካዊ መንግስትን ንግስነት ሃይለስላሰን ትግራይ ናብ ወሰን ተቐኒሳ፤ ኢኮኖሚ ዳርጋ ዘየብላ፤ ፖለቲካዊ ንፅልቲ ክትኸውን ተጌሩ። ስርዓት ደርጊ እውን በዚ መንገዲ እዩ ቀፂሉ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝኾነ እዋን ነዚ ዕብለላ ተቐቢልዎ ኣይፈልጥን። ብዝተፈላለዩ ደረጃ ዝግለፅ መኸተታት ኣኻይዱ እዩ። ኣብ መወዳእታ ንስርዓት ደርጊ ንምድምሳስ ኣብ ዝተገበረ ብፅሒት ኣንበሳ ተፃዊቱ።

ብህወሓት ዝተመርሐ ናይ ኢህወደግ ጊዜ ብቅዋም ደረጃ ፌደራሊዝም ኣውፂኡ ንምትግበሩ እውን ነዊሕ ርሕቐት ተጓዒዙ እዩ። እንተኾነ ግን ንውድቀት ኢህወዴግ ዝደረኹ ውስንነት ዲሚክራሲያዊ ብዝሃነት፣ ፀገም ግልፅነትን ምዝባዕ ውሽጣዊ ፍትሒን ፌዴራሊዝም ከይዕምብብ ጌሮም ። እዚ ከዓ ቀፃልነት ታሪኻዊ ዑደት ቅልውላው ትግራይ ኣጠናኺሩ ። ትግራይ ግዝኣት ሄጀሞኒክ ኢምፓየር ኮይና ድያ ክትቅፅል ወይስ ዓርሳ ተማሓድርን ዕድላ ባዕላ ክትውስን መሰል ዘለዋ ብሄር እያ? ዝብሉ ሕቶታት ዘላቒ መልሲ ከምዘይረኸቡ ክርዳእ ኪኢልና ኣለና ።

## 5.2 ህልዊ መግለፅታት፡ ኩናት፣ ጆኖሳይድን ኅበጣን

ፀረ ትግራይ ጆኖሳይዳል ኩናት ተፈጥሮ ሕቶ ትግራይ ሕቶ ህላዌ ምዃኑ ደጊሙ ኣረጋጊፁ ።ስርዓታዊ ግፍዒ፣ ጅማላዊ ጨፍጫፍ፣ ዓመፅ ደቂ ኣንስትዮ፣ ምጥማይን ምፍንቓልን ኣንፃር ሲቪላት ጥቕዓት ምፅልማት ኮሚኒኬሽንን ሓይሊን፣ ዕፅዋ፣ ኢኮኖሚያዊን ሰብኣዊን ክልከላ ክሳብ እዚ ማኒፌስቶ ተፃሕፈሉ ጊዜ ሕገ መንግስታዊ ወሰን ትግራይ ብናይ ኣምሓራን ኤርትራን ሓይልታት ተጣሒሱ ይርከብ:: እዚ ኩናት ተራ ናይ ፖሊሲ ውድቀት ኣይኮነን። ካብ ኣጀማምርኡ ክሳብ ኣፈፃፀምኡ ተባሂሉ ህላዌን ነፃነትን ትግራይ ንምፍሓቕ ብዘኽእል ተፈፂሙ ። ውድቀት ትግበራ ስምምዕ ፕሪቶርያ ኣብ ምውሓስ ፍትሒ፣ ምውፃእ ኅበጥቲን ምርግጋፅ ሉኣላዊነትን ንውስንነት ፌዴራላዊ ስርዓት ዘቃልዕ እዩ።

## 5.3 ቅልውላው ፌደራሊዝምን መሸኻ ዓርሰ ምሕደራን

ኩናት ኣንፃር ትግራይ ዘግሃዶ:-

√ ናይ ኢትዮጵያ ፌደራል ስርዓት ሽማዊ ሕብረ ብሄራዊ ምዃኑ

√ ቅዋማዊ መሰል ዓርሰ ምሕደራ ትግራይ ብሓይሊን ኣጠቃቕማ ሕግን ተጣሒሱ ይርከብ ፡፡

√ ኣብ ድሕሪ ኩናት ኮይና እውን ድሕንነት ፣ ሰብኣዊ ክብሪ ወይ ዳግመ ህንፀት ትግራይ ትርጉም ዘለዎ ትኹረት ኣይረኸቡን ፡፡

ስለዚ ውድብ ስምረት እዚ ህልዊ ፌደራል ምትዕርራይ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ሕቶ ትግራይ እዩ ኢሉ ኣይኣምንን፡፡

## 5.4 ፖለቲካዊ ኣድማስ - ሰለስተ መማረፅታት

ፍታሕ ሕቶ ትግራይ ብዲሞክራሲ ኣገባብ ብህዝቢ ትግራይ ዝውሰን ጥራሕ እዩ ፡፡ ውድብ ስምረት ሰለስተ ሓፈሻዊ መንገድታት ከምዘለው ይኣምን ።

### 5.4.1 ዝተሓደሰ ስርዓት ፌዴራሊዝም

እዚ መማረፂ እዚ መፍትሒ ክከውን ዝኽእል እንድሕር ደኣ ሓቀኛ ዓርሰ ምሕደራ ዘረጋግፅ ፣ ምውፃእ ኅበጥቲ ካብ ትግራይ ዘውሕስን ክብሪን ነፃነትን ትግራይ ናብ ቦትኡ ዝምልስን፣ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ገበን ኣፍልጦን ፍትሒን ዝህብ ገበን ጇኖሳይድ ከይድገም ውሕስና ዝኸውን ፣ ትግራይ ናይ ባዕላ መረፃ ኮሚሺን ክህልዋ፣ንደረጃ ስግኣት ትግራይ ዝምጥን ናይ ፀጥታ ሓይሊ ክትውንን፣ ናይ ባዕላ ወፃኢ ጉዳይ ኮሚሺንን ካለኦት ትካላትን ክተጣይሽ ዘፍቅድ ወዘተ ክከውን ኣለዎ።

## 5.4.2 ኮንፌዴራላዊ ምምርቓሕ

ሉሑሉሕ ሓድነት ሉኣላዊ መንግስታት ምስ ሓበራዊ ሓላፍነት ንሓበራዊ ረብሓ (ናብ ሕብረት ማዕረታት ዝቐረበ)

## 5.4.3 ነፃ ሃገርነት

መሰል ንደጋዊ መሰል ርእሰ ውሳነ ኣብ ጠሬጴዛ ክህሉ ኣለዎ። ኩሎም መማረፅታት ብሰላማዊ፣ ሕጋዊን ዲሞክራሲያዊን ኣገባብ ይፍፀሙ ። ውድብ ስምረት ካብዚኦም ንሓደኡ መፍትሒ ፈሊዩ ዝሓሸ መፍትሒ እዩ ኢሉ ኣየቕርብን። ተራና ወይ ሓላፍነትና ብህዝቢ ትግራይ ዝውሃብ ውሳነ ነፃ፣ ኣብ ሓበሬታ ዝተመሰረተን ሰላማዊን ክኸውን ዘኽእል ምቹዊ ኩነታት ምፍጣር እዩ።

## 5.5 መርገፂና መፍትሒ ብመንገዲ ሊበራል ዲሞክራሲ ይርከብ

ፍሉይ ኣስተዋፅኦ ውድብ ስምረት ዝኸውን ፍታሕ ሕቶ ትግራይ ክመፅእ ዘለዎ ብመንገዲ ከይዲ ሊቨራል ዲሞክራሲ ዝብል ሓሳብ ምቕራብ እዩ።ብመንገዲ ነፃን ፍትሓዊን ድምፂ ህዝቢ ትግራይ እምበር ብውትህድርናዊ ፓርቲ ወይ ብናይ ደገ ኣጀንዳ ክውሰን የብሉን::ብመንገዲ ህዝባዊ ምይይጥን ምምሕያሽ ቅዋምን እምበር ብመንገዲ ድርድር ሊሂቃን ወይ ምልካዊ ፀቐጢ ክፍፀም ኣይግባእን። ብመንገዲ ምኽባር ውልቀ መሰልን ብሄራዊ ክብርን ኩርዓትን እምበር ብመንገዲ ሞቢላይዜሽን ህዝቢ ንኩናት ወይ ፕሮፓጋንዳ ኣይትግበርን። እዚ ኣንፈት እዚ ብምኽታል ውድብ ስምረት ብሄራዊ ባህጊ ትግራይን ሊቨራላዊ ዲሞክራሲያዊ ራኢ መፃኢን ክተኣሳሰሩ ይገብር።ነፃነት ትግራይ ነፃነት ኣብ ውሽጢ ትግራይ እውን ክኸውን ኣለዎ ኢሉ ይኣምን።

# ክፍሊ-6

# ፎኖተ ካርታ ህንፀት ትካላትን ባህሊን ሊበራል ዲሞክራሲ ኣብ ትግራይ

ሊበራል ዲሞክራሲ ፖለቲካዊ ስርዓትን ባህላዊ ስግግርን ሓቑፉ ዝሓዘ እዩ። ካብ ደገ ዝኣቱን ካብ ላዕሊ ዝፀዓንን ከይኮነስ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ዝህነፅ እዩ። ኣብ ከም ትግራይ ዝበለ ብኩናት ዝተደቖሱን ምልክነታዊን ሕብረተሰብ እዚ ተልእኮ እዚ ህፁፅን ታሪኻዊን እዩ። ተግባራዊ ዝኸውን ብምዕራፋት ተመቓቒለ ሊበራል ዲሞክራሲ ፎኖተ ካርታ ንዳግመ - ህንፀትን ስግግርን ትግራይ ተዳሊዩ ኣሎ፡፡

## 6.1 ምዕራፍ 1- ናይ ስግግር መሰረታት (ዓመት 1-2)

**ዕላማ**፡- *ፖለቲካዊ ምርግጋዕ፣ሕጋዊ ቅቡልነትን ምምላእ ዝተሓተ ዲሞክራሲያዊ ቅድመ ኩነትን*

**ቐልፊ ተግባራት ፡-**

√ ምምስራት መሰጋገሪ መንግስቲ ትግራይ (ፖለቲካዊ ውዳበታት፣ ሙሁራትን ነጠፍትን ይሓቑፍ) ።

√ ምውዳብ ኣኼባታት ህዝቢ ንምርቃቕ መሰጋገሪ መስርሕን ፖለቲካዊ ፎኖተ ካርታን

√ ምስራዝ መለኸቲ ሕግታት፣ ምትእትታው ህፁፅ ሓለዋ ንነፃ መሰል ምዝራብ፣ ምውዳብን ሚድያን

√ ብወራር ዝተተሓዘ ህዝብን መሬትን ትግራይ ነፃ ምውፃእን ተፈናቓልቲ ምምላስን

√ ምጅማር ትካላዊ ገምጋምን ምትዕርራይን ፀጥታ ሓይልታት ፣ ፍትሒን ህዝባዊ ትካላትን

√ ምጥያሽ ኮሚሽን ሓቂ ፣ፍትሕን ዳግመ ህንፀትን ትግራይ

## 6.2 ምዕራፍ -2፥ ኣሳታፋይ ምድላው ቅዋም (ዓመት 2-3)

**ዕላማ:-** ምትካል ሊበራል ዲሞክራሲ ኣብ ብህዝቢ ዝዝወር ቅዋማዊ ከይዲ-

**ቁልፊ ተግባራት:-**

√ ምጥያሽ ቅዋማዊ ጉባኤ ትግራይ ብኣድማሳዊ መረፃ ይጣየሽ

√ ምስላጥ ስራሕቲ ህዝባዊ ምኽክራት ፣ ትምህርቲ ዜግነትን ሰሚናራትን ኣብ ኩሉ ዞባታት ፣ ከተማታት፣ ወረዳታትን ጣብያታትን ቀበሌታትን፣ ካብ ትግራይ ወፃኢ ኣዲስ ኣበባን ዲያስፖራ ዝነብረለን ሃገራትን

√ እቲ ቅዋም እዞም ዝስዕቡ ዘውሕስ ምዃኑ ምርግጋፅ:- ምፍልላይ ስልጣን፣ መሰረታዊ መሰላት፣ ሲቪላዊን ኢኮኖሚያዊን ነፃነታት፣ ሓለዋ መሰል ውሑዳት፣ መሰል ብሄር ብሄርሰባት ትግራይ፣ ሪፈረንደምን መሰል ርእሰ ውሳነን መስርሕ ዘይምእኹል ምሕደራን ምጥንኻር ስልጣን ከባቢያዊ ምምሕዳራትን ፣ ኣብቲ ዘሎ ቅዋም ዘለው ጠቐምቲ ጉዳያት። ምፅዳቕ ቅዋም ብህዝባዊ ሪፈረንደም ይፍፀም::

## 6.3 ምዕራፍ 3፡- ምጥንኻር ዲሞክራሲን ውድድራዊ መረፃን

**ዕላማ፡** ምህናፅ መረፃዊ (electoral) ፣ ናይ ውክልናን ዝሕተትን ፖለቲካዊ ስርዓት

**ቁልፊ ተግባራት :**

√ ምጥያሽ ቅቡልን ነፃን ኮሚሽን መረፃ ትግራይ

√ ምክያድ ከባቢያዊን ክልላዊን ዲሞክራሲያዊ መረፃታት ንከባቢያዊ ባይቶታትን ክልላዊ ፓርላማን

√ ናይ ፖለቲካዊ ፓርትታት መስርሕ፣ ናይ መረፃ ፋይንስን ብዝሃነት ሚድያን ዝምልከት ሕጊ ምውፃእ

√ ምፍጣር ኮሚሽን ፀረ ግዕዝይና፣ ሰብኣዊ መሰላትን ሰቪላዊ ቁፅፅርን፣ትካላዊነት ነፃነት፤ ምርካብ ኢንፎርሜሽንን ህዝባዊ ተበፃሕነት ምሕደራን

## 6.4 ምዕራፍ 4፥ ምዕሟቕ ዲሞክራሲን ማሕበራዊ ስግግርን (ዓመት 5-10)

***ዕላማ፡-*** *ምግፋሕ ዲሞክራሲ ክንየው ካርዲ መረፃ ናብ ኩሎም ዓውድታት ሕብረተሰብ*

***ቁልፊ ተግባራት፡-***

√ ምኑልባት ምምሕዳር ወረዳ፣ከተማ፣ሕብረተሰብን ብመንገዲ

√ ምውህሃድ መትከላት ሊበራላዊ ዲሞክራሲ ናብ ትምህርቲ፣ ባህሊ ወዘተ-

√ ምትብባዕ ሲቪክ ነጣፍነት ፣ነፃ ማሕበራት፣ ፕሮፌሽናል ውዳበታት ተሳትፎ መናእሰይን

√ ኢንቨስትመንት ኣብ ዲሞክራሲያዊ ዲጂታዊ መሰረተ ልምዓትን ውሑስ ኦንላይን ምህዳርን

## 6.5 ተሳገርቲ ጉዳያት፤ ባህሊ ዲሞክራሲያዊ ዜግነት

ሊበራል ዲሞክራሲ ዝግደስ ብዛዕባ ሕግታትን ትካላትን ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ብዛዕባ ክብሪ ፣ ባህርን ሓላፍነትን ዜጋታት እውን ይግደስ እዩ፡፡ ስለዚ ዉድብ ስምረት፡-

√ ትምህርቲ ስነ ዜጋ ካብ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ክትኣታቶ

√ ባህሊ ምይይጥን ምክእኣልን ክምዕብል ኣብ ክንዲ ሓይሊ ሰላማዊ ዘይምስምዕማዕን ሰላማዊ ኣፈታትሓን ክሰፍሕ

√ ሓለዋ ንምህዳር ሲቪካዊ ማሕበራት ፣ዘይመንግስታዊ ትካላት ናይ ህዝቢ ውዳበታትን

√ ምቅባል ብዝሑነት ፣ ምክታትን ምክብባርን ከም ጥንካረ ዲሞክራሲ

እዚ ፎኖተ ካርታ ትምኒታዊ ድሌት ኣይኮነን፡፡ ብቓልሲ ዝትግበር፣ ክውንነታዊን ብምዕራፋት ዝተመቓቐለን ፤ ትግራይ ተኮር ፕላን ዳግመ ህንፀት ነፃ ማሕበረሰብ ትግራይ እዩ፡፡ ብከምዚ ዝበለ ከይዲ ጥራሕ ኢና ስልጣን ናይ ህዝቢ ክንገብሮን ናይ ብሓቅና ናይ ህዝቢ ኮይኑ ኢልና ክንዛረብን ንካሊእ ዕጡቕ፣ ጉጅለ፣ ፓርቲ ወይ ሊሂቕ ከምዘይተዋህበ ክነረጋግፅን ንክእል።

# ክፍሊ-7

# ማዕቀፍ ፖሊሲ ኢኮኖሚ

ኢኮኖሚ ትግራይ ሙሉእ ብሙሉእ ዝዓነወ እዩ። ብምኽንያት ኲናት፣ከበባ፣ ምፍንጃል፣ ትካላዊ ምቕሃም፣ ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ዘይግቡእ ምሕደራን ተደራሪቦም ድኽነት፣ ስእነት ስራሕ፣ ተፀባይነት ሓገዝን ስእነት ዓቕምን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ክዕንድሩ ኪኢሎም። ውድብ ስምረት ሓቋፋይ፣ ነፃ፣ ተፃዋራይን ኢንተረፕረነራልን ኢኮኖሚ ኣብ መትከላት ሊበራሊን ህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ፖሊስን ተመስሪቱ ክህነፅ ቀንዲ ኣጀንዳ ጌሩ ይቃለስ። ኣጀንዳ ውድብ ስምረት "ስግግር ሊበራል ኢኮኖሚ ንምዕቃብ ሰብኣዊ ክብሪ፣ ምፍጣር ሃብቲን ምጥቃም ዕድልን ንኩሉ" ይብል።

## 7.1 ኮር ኢኮኖሚያዊ መደባት

ኢኮኖሚያዊ ፕሮግራምና ብሓሙሽተ መትከላት ዝምራሕ እዩ።

1. ኢኮኖሚያዊ ነፃነት፦ ሕድሕድ ውልቀ ሰብ ንብረት ናይ ምውናን፣ ትካል ንግዲ ናይ ምፍጣር፣ ኣብ ነፃን ፍትሓዊን ዕደጋ ምስታፍን መሰል ኣለዎ። ፖለቲካዊ ፀቕጢ ኣይግበረሉን።

2. ማዕረ ዕድል፦ ተራ መንግስቲ ብመንገዲ ንኩሉ ዝሓቖፍ ቀረብ ፋይናንስ፣ ትምህርቲ፣ ቀረብ ጥዕና፣ መሰረት ልምዓትን ካልኦት ድጋፋትን ኣቢሉ ምስትኽኻል መፃወቲ ሜዳ እዩ።

3. ናይ ብሕቲ ዘርፊ ዝመርሖ ዕቤት፦ ናይ ብሕቲ ዘርፊ ሞተር ፈጠራ ዕድል ስራሕ፣ ምህዞን ተዋዳዳራይ ኢንተረፕረነር ክኸውን ኣለዎ። ፖለቲካዊ ሞኖፖልን ኪራይ ኣካብነትን ክኸውን የብሉን።

4. ዘይምእኹል ኢኮኖሚያዊ ምሕደራ፦ ዞባታት፣ ከተማታትን ወረዳታታትን ከባቢያዊ መንግስታትን ኢኮኖሚያዊ መፃኢኦም ንምቕራፅ ዘኽእሎም ስልጣን ክህልዎም ኣለዎ ።

5. ዘላቒ ዓርሰ ተፀዋራይነት፦ ትግራይ ካብ ተፀባይነት ሓገዝ ወፂኣ ናብ ሕርሻዊ፣ ኢንዳስትራላዊን ቴክኖሎጂያዊን ባዕልኻ ሙኽን (self sufficiency) ክትስጋገር ኣለዋ።

## 7.2 ድሕሪ ኲናት ዳግመ ህንፀትን ህፁፅ መነባብሮን

**ናይ ሓፂር እዋን ቀዳምነት (0-2 ዓመታት)**

√ ምጥያሽ ህዝቢ ማእኸል ዝገበረ ፈንድ ዳግመ ህንፀት  ህንፀት ኣባይቲ፣ ትምህርቲ ቤታት፣ ጥዕና ትካላት፣ መንገዲ፣ ማይ ናቑጣታትን ትካላት ንግዲን

√ ምቕራብ ታርጌትድ ምትሕልላፍ ገንዘብን ሓገዝን ብኩናት ንዝተሃሰዩ ስድራ፣ ብደቂ ኣንስትዮ ዝምራሕ ቤተ ሰብን ተመለስቲ ተፈናቐልቲን

√ ምፍጣር ፕሮግራም ውሑስና ስራሕ ብመንገዲ ፕሮግራም ህዝባዊ ስራሕቲ (ሴፍቲኔት…)

√ እግሪ ምትካል ብሓይሊ ካብ መረበቶም ተፈናቐሉ ዜጋታትን ምድጋፍ ተመለስቲ ተጋደልቲን ፅምረት መናእሰይን ብመንገዲ ሞያዊ ስልጠናን ማይክሮ ፋይናንስን

√ ምርግጋፅ ማዕርነታዊ ክፍፋል ሰብኣዊ ሓገዝ ብግልፅነትን ዲጂታዊን ሲቪላዊ ክትትልን

# 7.3 ምሕዋይ ሕርሻ ምስ ነፃነትን ዕዳጋን

**ዕላማታት ማእኸላይ እዋን (2-5 ዓመታት)**

√ ምውሓስ ተጠቃምነት መሬትን ምቁራፅ ዝተጠናኸረ ፖለቲካዊ ቁፅፅር ኣብ መሰል ምልማዕ ገባርን

√ ምትብባዕ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት፣ ተበፃሕነት ፍትሓዊ ልቓሕ፣ መካናይዜሺን ሕርሻን ኣግሮ ኢንተርፕረነርሽፕን ብተበፃሒ ዕደጋን ምህዞን

√ ኢንቨስትመንት ኣብ ክሊማ ዝፃወር መስኖ ፣ ልሙዕነት ሓመድን ሰንሰለት ቀረብ እታዎታትን

√ ምትእስሳር ሓረስቶት ምስ ከተማ፣ ዕዳጋታትን ሰደድን ብመንገዲ ሎጂስቲክስን ኣይሲትን

√ ምጥያሽ ዞባታት ምህዞ ሕርሻ ኣብ ሕድ ሕድ ዞባ ምስ ኣቕርቦት ፋይናንስ፣ ኢንሹራንስን ምርምርን

# 7.4 ህንፀት ውዕውዓት ደቀቕቲ፣ ኣናእሽተይን ማእኸለዎትን ሴክተር

ናይ ስምረት ኢኮኖሚያዊ ትኹረት ምፍጣር ኢንትረፕረነር  እዩ፡  በዚ መሰረት፡-

√ ንግዲ ምዝገባን ታክስን ካብ ቁፅፅር ዘይብሉ ክሳብ ዝቐለለ መስርሕ ቁፅፅር ዘለዎ ስርዓት ክከውን ምግባር

√ ምፍጣር ከተማታት SME፣ ክላስተራትን ቢዝነስ ፓርክታትን ምስ ሓበራዊ ግልጋሎት

√ ምቕራብ መጀመሪ ካፒታል፣ ምህናፅ ማእከል መፈልፈልን መሐብሐብን ብመናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ዝምርሑ ንግዲ ትካላት

√ ክፍቲ መንግስታዊ ዕዳጋ ንከባቢ ንግዲ ትካላት ብመንገዲ  ግልፂ ውድድርን ፀረ ግዕዝይና ክትትልን

√ ምክልኻል ስርዓት ንግዲ ካብ ምትእትታው ፓርቲ ፣ ኢድ ወነናዊ ምዕፃውን

## 7.5 ሊበራል ኢንዳስትሪያላዊ ኣጀንዳ 21 ክፍለ ዘመን

√ ትግራይ ናይ ቀሊል ኢንዱስትሪ፣ ኣግሮፕሮስሲንግን ዲጂታል ምህዞን ሕምብርቲ (Hub) ክትፈጥር እያ

√ ብዞባ ደረጃ ሕምብርቲ ኢንዳስትሪን ምሁዞን ምስ ከባቢያዊ ምሕደራ

√ ድጋፍ ንዲያስፓራ ኢንቨስትመትን ምምላስ ክእለትን ካፒታልን

√ ድጋፍ ንቴክስታይል፣ ምግቢ ምቕንብባር ኣይሲቲ ኣገልግሎትን ሓምለዋይ ቴክኖሎጂን

√ ፍጣር ፍሉያት ኢኮኖሚያዊ መተሓላለፍትን (ኮሪደር) ሰግረ ዶብ ንግዲ ምስ ሱዳንን ርጅን ቀርኒ ኣፍሪካን

√ ምጥንኻር መሰል ምውናንን ንብረት፣ ቤት ፍርዲ ንግዲን ምፍፃም ውዕልን

## 7.6 ምትዕርራይ ቅኒት ረድኤት፣ ኢንቨስመትን ንግድን

√ ረድኤት ካብ ተፀባይነት–ለገስቲ–ሞዴል ናብ ምሕዝነት– ሰብኣዊ ክብሪ– ሞዴል ይሰጋገር

√ ክትትልን ምግዳድን ዘይመንግስታዊ ትካላት ንምጥዕዓም ምስ ከባቢያዊ ተሓታትነትን ስታዳርድ ተፅዕኖታትን

√ ምጥያሽ ዲያስፓራ ቦንድስ፣ ኮኦፕሬቲቭ ኢንቨስትመትን ሉኣላዊ ፈንድ ልምዓትን

√ ምጥያሽ ትግራይ ኤጀንሲ ንግዲ ንምትብባዕ ሰደድ፣ ኢንቨስትመትን ስሕበትን ተሳትፎ ዲያስፓራን

√ ምጥቃም ቴክኖሎጂ ንምውህሃድ ናይ ገፀር መፍረይቲ ናብ ሃገራዊን ዓለማዊን ዕዳጋታት

### 7.7 ኢኮኖሚያዊ ፍትሒን ማሕበራዊ ውሕስናን

√ ሊበራል ኢኮኖሚ ትግራይ ፍትሓዊ ኢኮኖሚ ክኸውን ንቃለስ።

√ ምብፃሕ ንኹሉ ሓፈሻዊ ትምህርቲ፣ ክንክን ጥዕናን ድጋፍ ጥሮታን

√ ምጥንኻር ሕግታት ፀረ ሞኖፖሎን ካርቴልን ንምክልኻል ዕብለላ ሊሂቃን

√ ኮሚኒቲ ኢንቨስትመት፣ ሓምለዋይ ተግባራትን ማሕበራዊ ኢንተርፕራይዛትን መተባብዒ ግብሪ ክረክቡ ምግባር

√ ኣብ ምትሕግጋዝ ዝተመስረተ ኢኮኖሚያዊ ስርዓት ምፍጣር፤ ኢኮኖሚያዊ ነፃነት ንድኻ ጎቲቱ ካብ ድኽነት ዘውፅእ ስርዓት ክከውን ምግባር

√ ነፃ ኢኮኖሚ፣ ነፃ ህዝቢ፣ ነፃ መፍረይቲን ነፃ ዜጋታትን

# ክፍሊ-8

# ወፃኢ ፖሊሲን ዓለም ለኸዊ ተሳትፎን፦ ሊበራል ዲሞክራሲያዊት ትግራይ ኣብ ዓለም

ፖሊሲ ወፃኢ ትግራይ ካብ ኑፁር ኣረዳድኣ ቦታ ትግራይ ክብገስ ኣለዎ። ቦታ ትግራይ ኣብ ዓለም  ክብሪ፣ ነፃነትን ህንጥውነትን ህዝባ ዘፀባርቕ እምበር ኣደዳ ናይ ካልኦት ጂኦፓለቲካል ሓይልታት መናውራ ዝገብር ክኸውን የብሉን። ስምረት ዘቕርቦ መበገሲ ሓሳብ ኣብ ዲፕሎማሲ፣ መትከልን ህዝቢ ንህዝቢ ምሕዝነትን ዝተሰረተ ሓዱሽ መስርሕ ፖሊሲ ወፃኢ ጉዳይ እዩ።

## 8.1 ገዛእቲ መትከላት ወፃኢ ፖሊሲ ስምረት

ዓለም ለኻዊ ተሳትፎና ዝምራሐሎም መትከላት

1. መስል ርእሰ ውሳነን ዲሞክራሲያዊ ለኣላዊትን፦ ፖሎቲካዊ መፃኢት ትግራይ ክውሰን ዘለዎ  ብህዝቢ ትግራይ እዩ (ነፃ ካብ ናይ ደገ ተፅዕኖን ውትወታን)

2. ዘይሻራዊ ክብርታት መሰረት ዝገበረ ዲፕሎማሲ ትግራይ፦ ትግራይ ናይ ደገ ሓይሊታት ተካኢት  (proxy) ኮይና ኣይተግልግልን። ኣብ ክንድኡ ምሕዝነት መሰረት ዝገበረ ምክብባርን ዲሞክራሲያዊ ክብርን ንሃንፅ

3. ሰላማዊ ቀጠናዊ ምውህሃድ፦ ሰለማዊ ሓቢርካ ምንባር ምስ ኩሎም ጎረባብትና

4. ዲያስፖራ ከም እስትራተጂያዊ ድልድል፦ዲያስፖራ ትግራይ ዲፕሎማሰኛታት፣  ኢንቨስተራትን  ነጠፍትን ዝገብር መትከል ወፃኢ ዝምድና

5. ዓለማዊ ምሕዝነት ንፍትሒ፦ ምስ እዞም ዝስዕቡ ምሕዝነት ንፈጥር፦ ዲሞክራሲያዊን ሓይልታት፣ ዓለም ለኸ ትካላትን ብሰላማዊ መንገዲ ንነፃነትን ፍትሒን ዝቃለሱ ህዝብታት ዓለምን

## 8.2 ዲፕሎማሲያዊ ዕለማታት

√ ምውሓስ ዓለም ለኻዊ ኣፍልጦን፤ ምርካብ ድጋፍ ንናይ ትግራይ ዲሞክራሲያዊ ስግግርን ድሕረ ኩናት ዳግመ ህንፀትን

√ ተሓታትነት፣ ፍትሕን ካሕሳን ንገበን ኩናትን ኣንፃር ትግራይ ዝተፈፀመ ጀኖሳይድን

√ ምፍጣር ሉኡኻት ወከልቲን መራኸብቲ ቤትፅሕፈታትን ኣብ ቁልፊ ርእሰ ከተማታት ዓለምን ማልቲላተራል ትካላት ተፀፍፂሮም ዝነብርሉ ከተማታትን

√ ምጥንካር ባህላዊ ዲፕሎማሲ ፣ ምልውዋጥ ፍልጠትን ዓለምለኻዊ ተራኣይነትን ምቅላሕ ቃልስን ተፃዋራይነትን ህዝቢ ትግራይ

## 8.3 ምስ ኢትዩድያ ዝህልወና ዝምድና

√ ስምረት ኣብ ሞንጎ ትግራይን ኢ/ያን ዘሎ ዝተሓላለኸን መኸራኸርን ዝምድና ብጉቡእ ይግንዘብ። ኣተሓሕዛና ፕራግራማቲክን መትከል ዝመርሖን ይኸውን ፦

√ ፖለቲካዊ መዕለቢ ጉዳይ ትግራይ፦ ብድርድርን ህዝባዊ ምርድዳእን ኣብ ማዕርነት፣ ፍትሕን ዝተመሰረተን ስግኣትን ሕቶን ትግራይ ዝፈትሕን ምምሕያሽ ቅዋም ኢ/ያ (ዓለም ለኸ ደረጃ ዝተኸተለ)

√ ጎስጓስ ንዲሞክራታይዜሽን፣ ሓቀኛ ነፃነትን ዲሞክራሲያዊ ፌዴራላዊ ምትዕርራይን

√ ብዲሞክራሲያዊ ህዝበ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ዕድል ትግራይ ይውሰን

√ ዘይተገደበ መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ናይ ባዕሉ ነፃ ሪፓብሊክ ምጥያሽ ዝኸይድ እዩ።

√ ፖለቲካዊ ፓርትታት፣ ሲቪክ ማሕበራትን ሚዲያታትን ውልቀ ዜጋታትን ትግራይ፣ ከምኡ ውን ሃገራዊ ፖለቲካዊን ሲቪክን ውዳበታትን ሚዲያታትን ብመረዳእታ ዝተደገፈ ነፃ ትምህርቲ ክህቡ ዝኽእሉ ኮይኖም ናይ መወዳእታ ውሳነ ግን ናይ ህዝቢ ትግራይ እዩ።

## 8.4 ዝምድና ምስ ኤርትራን ምስ ኩሉ ቀርኒ ኣፍሪካን

ውድብ ስምረት ናይ ፅልኢ ፖለቲካን ውትህድርናዊ መልክዕ ዶባዊ ጎንፅን ይነፅግ። ስለዚ፦

√ ምስ ኤርትራ ዝህልወና ዝምድና ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ትግራይ ዝፈፀሞቶ ጀኖሳይድ፣ ገበን ኩናትን ገበን ኣብ ልዕሊ ወዲ ሰብን ብዓለም ለኸ ቤት ፍርዲ ታሓቲትን ጀኖሳይደራት ፍርዲ ክረኽቡን ዝገብር፤ ዝተወረረ ንብረት ምምላስ፤ ንኩሎም ዓይነት ግዳያት ግቡእ ካሕሳ ምኽፋልን መበገሲ ይገብር

√ ምስ ኩሎም ጎረባብትና ውዕሊ ዘይምውራርን ስምምዕ ሕድሕድ ምፍላጥን *መሰረት ዝገበረ ዝምድና ንሃንፅ*

√ ምፍጣር ስግረ ዶብ ሕጋዊ ንግዲ ኣቑሑን ፍርያትን ፣ ምኽፋት ኢኮኖሚያዊን መተሓላለፍቲን (ኮሪደራትትን) ንግዲን ምንቅስቓስን

√ ምጥንኻር መስርሕ ዲፕሎማሲ ባህልን ዕርቅን ምስ ህዝብን ኮሚኒቲታትን

√ ንትግራይ ከም መሳርሒ ንዞባዊ ዘይምርግጋዕ ዝወስድ ዝኾነ ምሕዝነት ሙሉእ ብሙሉእ ንነፅግ።

## 8.5 ፖሊሲ ዲያስፖራ

ብፖለቲካዊ እምነት ስምረት መሰረት ዲያስፖራ ትግራይ እቲ ሓደ ዝዓበየ ሃፍቲ ትግራይ እዩ ። ስለዚ

√ ዓለማዊ ካውንስል ዲያስፖራ ትግራይ ይጣየሽ ምስሓብ ኢንቨስትመንት፣ ጥብቕና ንትግራይን ምስግጋር ክእለትን ማእከል ጌሩ ይሰርሕ

√ ምርግጋፅ መሰል መራፃይነትን ጥሙር ዜግነትን ዲያስፖራ ትግራይ ኣብ መፃኢ ቅዋማዊ ስርዓት ትግራይ

√ ምፍጣር ዲጅታላዊን ጂኦግራፊያዊን ማእኸላት ዲያስፖራ (hubs) ንኢንቨስትመንት፣ ትምህርቲ፣ ምይይጥ ፓሊሲን

√ ዲያስፓራ ትግራይ ኣምባሳደራት ሰላምን ልምዓትን ትግራይ ኮይኖም ክሰርሑ ሓላፍነት ምሃብ

## 8.6 ተሳትፎ ዓለም ለኸ ፍትሒን ሰብኣዊ መሰላትን

ውድብ ስምረት ትግራይ ጠንካራ ድምፂ ዓለማዊ ፍትሒ ክትኸውን ከቃለስ እዩ። ብመሰረት'ዚ

√ ምድግጋፍን ሙሉእ ተሳትፎን ምስ ዓለም ለኸ ቤት ፍርዲታትን መጋባእያታትን ገበን ኲናት እንተኮላይ ምስ ICC

√ ንምስናድ ግፍዕታት፣ ናብ ፍርዲ ምቕራብን ንመፃኢ ከይድገም ንምግባርን ትግራይ ምስ ኣካላት ሕቡራት ሃገራት (UN)፣ NGO ከምኡ'ውን ሕጋዊ ትካላትን ብሓባር ትሰርሕ

√ ትግራይ ማእኸል ህንፀት ሰላም፣ ዲሞክራሲያዊ ክትዓትን ትምህርቲ ሰብኣዊ መሰላትን ቀጠና ቀርኒ ኣፍሪካ ክትኸውን ምቅላስ

## 8.7 ስትራተጂያዊ ብዙሃዊ ምትእስሳር

ውድብ ስምረት ድምፂ ትግራይ ኣብዞም ዝስዕቡ ኣካላትን መድረኻትን ከቃላሕ እዩ።

√ ኣብ ኣፍሪካ ሕብረት ተሓላቒ ወይ ተሞኩሮ ዲሞክራይታዜሽን፣ ጣልቃ ዘይምትእትታውን ኣገባባት ኣፈታትሓ ጎንፅን

√ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ንማዕረ ውክልና፣ ንሰብኣዊን ዘላንቒን ምሕዝነት ንጣበቕ

√ ኣብ ዓለማዊ ዲሞክራሲያዊ ምትእስሳራት ማለት ፓርላሜንታዊ ሕብረታት፣ ሊበራል ዓለማዊ ውዳበታትን ኣካዳሚያዊ ትካላትን ንጡፍ ተሳትፎ ትግራይ ነረጋግፅ

√ ወፃኢ ፖሊሲ ውድብ ስምረት ተገላሊ ወይ እውን ተበላፂ ኣይኮነን። መትከላዊ፣ ፕራግራማቲክን ብሓይሊ ህዝቢ ዝተሰነየ እዩ

√ ነፃ ትግራይ ሓራ ትግራይ ጥራሕ ከይኮነትስ ንዓለማዊ ነፃን ፍትሓዊን ማሕበረሰብ አስተዋፅኦ ትገብር ክትከውን ኣለዋ።

# ክፍሊ-9

# ራኢ ማሕበራዊ ፖሊሲ ውድብ ስምረት

መፃኢት ትግራይ ብወታሃደራዊ ሓይሊ፣ ናይ ደገ ሓገዝ ወይ ተኣማንነት ፓርቲ ኣይትህነፅን:: ትግራይ ትህነፅ ብዝተማህረ ርእሲ፣ ጥዑይ ኣካልን ነፃ ዜጋን እዩ:: ውድብ ስምረት ህዝቢ ዘቐድም፣ መሰል ነፃ ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበረን ሰብኣዊ ምዕባለ ኣብ ማእኸል ምሕደራ ዘቐመጥ ማሕበራዊ ፖሊሲ ይኽተል

## 9.1 መሰረት ማሕበራዊ ፖሊሲ ሊበራል ዲሞክራሲ

ውድብ ስምረት ትምህርቲ፣ጥዕናን ማሕበራዊ ድሕንነትን ሰብኣዊ መሰላትን ህዝባዊ ኣቕሑን (Public goods) ኮይኖም መሰረታት ንማዕረ ዕድልን ነፃነትን እዮም ኢሉ ይኣምን:: ማሕበራዊ ፖሊስና ኣብ ኣርባዕተ መትከላት ዝተመሰረተ እዩ።

1. ኣድማሳዊ ተበፃሕነት፡- ኩሎም ተጋሩ ማሕበራዊ ቦትኦምን ዝነበርሉ ከባብን ብዘየገድስ መሰረታዊ ኣገልግሎት ትምህርቲ፣ ጥዕናን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ክበፅሖም ይግበር።

2. ዘይምኡኹል ኣወሃህባ ግልጋሎት፡- ከባቢያዊ ምምሕደራትን ዘይመንግስታዊ ነጠፍትን ኣገልግሎት ንምሃብን ንምቁፅፃርን ዘድሊ ዓቅሚ ክፈጥረሎም ኣለዎ።

3. ብዝሓነትን መማረፂ ዕድል ምስፋሕን፡- ዜጋታት ንኩሎም መንግስታዊን ውልቃዊን መማረፅታት ተባፃሕነት ክህልዎም ኣለዎም። እዚ ከዓ ፍትሓውነትን ፅሬትን ከማልእ ክትትል ዝግበረሉ ይኸውን

4. ፍታሓውነትን ፍትሕን፡- ማሕበራዊ ፓሊሲ ኣብ ምቕናስ ማሓውራዊ ዘይፍትሓውነትን፣ ብፍላይ ኣብ ሞንጎ ገፀርን ከተማን፣ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን፣ መናእሰይን ስንኩላንን ግዳያት ኩናትን ዘሎ ክፍተት ብንጥፈት ዝፈትሕ ክኸውን እዩ።

## 9.2 ደጊምካ ምህናፅን ምስግጋርን ትምህርቲ

ትኹረት ትምህርቲ ስምረት:

√ ኩሎም ብኲናት ዝዓነው ኣብያተ ትምህርቲ ናብ ዝነበርዎ ምምላስን ምምሕያሽን ብመንገዲ ናይ ህዝቢ ተሳትፎን ሪኮንስትራክሽን ፈንድን

√ ምትግባር ነፃ ኣድማሳዊ መሰረታዊ ትምህርቲ ከምኡ እውን ፍትሓዊ ተበፃሓይነት ሳልሳይ ደረጃ ትምህርቲ

√ ምምሕያሽ ስርዓተ ትምህርቲ፣ ምትእትታው ትምህርቲ ሰነ ዜጋ፣ ነቐፌታዊ ኣተሓሳስባ፣ክብርታት ሊበራል ዲሞክራሲን ታሪኽ ትግራይን

√ ምጥንኻር ፕሮግራም ሞያዊ ልምዓት መምህራን ምስ መተባብዕታት፣ መንበሪ፣ቀፃሊ ስልጠናን ካልኦትን

√ ምትብባዕ ናይ ማሕበረሰብ ትምህርቲ ቤታት፣ ናይ ሃይማኖታዊ ትካላት ኣብያተ ትምህርቲን ናይ ውልቀ ኣብያተ ትምህርቲን

√ ምጥያሽ ቴክኒካዊ ሞያዊ ትምህርትን ስልጠናን (TVET) ኣብ ሕድ ሕድ ወረዳታት

√ ምውዳድ ምስ ትካላትን ውዳበታትን ዲያስፖራ ንምእትታው ኢ-ለርኒንግ፣ ዲጂታላዊ ተበፃሕነትን ምትሕግጋዝ ምርምርን

## 9.3 ኣብ ሰብኣዊ ክብርን ምክልኻል ሕማማትን ዝተመስረተ ስርዓት ግልጋሎት ጥዕና

ቀዳምነታት ፓሊሲ ጥዕና ስምረት፦

√ ምሕዋይን ምትካእን ብኩናት ዝዓነው መሰረታዊ ልምዓታት ጥዕና (ሆስፒታላት፣ ክሊኒካት፣ ላብራቶሪታትን ኣምቡላሳትን)

√ ምትግባር ኣድማሳዊ (ሓፈሻዊ) ፕሮግራም ግልጋሎት ጥዕና ክንክን ኣዴታት፣ ክታበት፣ ሰነ ማኣዛን፣ ኣእምራዊ ጥዕናን

√ ምውሓስ ነፃ ህፁፅን ወሊድን ግልጋሎት ብፍላይ ንተቃላዕቲ ማሕበረሰብ

√ ምስልጣንን ምውፋርን ናይ ማሕበረሰብ ጥዕና ሰራሕተኛታትን ተንቀሳቓስቲ ጥዕና ጉጇለታትን ንርሑቕ ከባቢታት

√ ምትእትትው ፕሮግራም መሰረታዊ ውሕስና ጥዕና ንኩሎም ዜጋታት ካብ ድኻታትን ዘይስሩዕ ሰራሕተኛታትን ጀሚርካ

√ ሕብረተሰብ ማእከል ዝገበረ ምፍታሕ ማሕሰይቲ ኣእምሮ ኩናት፣ ድጋፍ ሰነ-ኣእምሮኣዊ ፕሮግራም፣ ተሃድሶን ካብ ወልፊ መገላገሊ ማእኸላትን

## 9.4 ምክልኻል ተቓላዕቲ ዜጋታትን ኣካላትን፦ ደቂ ኣንስትዮ፣ ህፃናት፣ ኣረጋዊያንን ጉድኣትን

√ ስምረት ኣጀንዳ ማሕበራዊ ፍትሒን ምክልኻልን ሻምፒየን ይገብር

√ ምውሓስ ድሕንነት ህፃናት፣ ምዝገባ ወሊድ ከምኡ እውን ክትትልን ቁፅፅርን ምውጋድን ምዝመዛ ጉልበት ህፃናት

√ ኣገልግሎት ጥሮታ ንኣረጋዊያን፤ ማሕበራዊ ድጋፍ ንኣረጋዊያን፣ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮን፣ ጉዱኣትን

√ ምግፋሕ ምስ ጉድኣት ዝስማዕማዕ መሰረት ልምዓት፣ ትምህርቲን ስራሕን ምቕላስን ናብ ትርጉም ዘይብሉ ደረጃ ምውራድን

√ ሕብረተሰብ ማእከል ዝገበረን ደቂ ኣንስትዮ ተወዲበን ብንጥፈት ዝንቀሳቐሳሉን ፆታዊ ዓመፅ ምቅላስ እዩ።

√ ሪፎርም ሕጊ፣ መፅለሊ ግዳያት፣ ተበፃሕነት ንሕብረተሰብን ድጋፍ ግዳያትን ይማላእ

√ ውሓስ ማዕረ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውርሲ፣ ፖለቲካዊን ማሕበራዊን፣መሬትንኢኮኖሚያዊን ተሳትፎ

## 9.5 ባህሊ፣ ጥበብን ሰብኣዊ ምዕባለን

√ ንምዕባለ ቋንቋታት ተግራይ ፣ ሰነ ፅሑፍ፣ ያታዊ ታሪኽን ሃገር ቦቀል ስርዓት ፍልጠትን ይቃለስ

√ ንምዕባለ ባህላዊ ማእኸላት፣ ላይብረርታት፣ ትያትርን ጥበንን ትኹረት ይህብ

√ ምትብባዕ ባህላዊ ብዝሃነትን ወለዶኣዊ ዘተታትን ፦ ትግራይ ካብ ፍሉይ ነናይ ባዕሎም ተራ እዞም ወለዶታት ተጠቃሚት ዝገብር ህንፀት ምሕዝነት ወለዶታት

## 9.6 ዘይምእኹል ማሕበራዊ ግልጋሎት

√ ምሕያል ዓቕሚ ወረዳታትን ከተማታትን ኣብ ፕላንን በጀትን ፤ ዓቕሚ ምቕራብ ፅሩይን ተበፃሕን ሕብረተሰብ ዘሳትፍን ኣገልግሎት ትምህርቲ፣ ጥዕናን ድሕነትን

√ ምጥያሽ ቤትምኽሪ ማሕበራዊ ፖሊሲ ኣብ በቢደረጅኡ ምምሕዳራት። ስቪል ሶሻይቲ፣ ህዝቢን ዲያስፖራን ፖለቲካዊ ፓርትታትን ዝሓቑፈ

√ ዲጂታል ኣሰራርሓ ምትእትታው ኣብ ማሕበራዊ ግልጋሎት ንምጥንኻር ግልፅነት፣ ተሓታትነትን ግብረ መልሲ ዜጋታትን

## 9.7 ዜግነታዊ ሓላፍነትን ወለንታዊ ምሕዝነትን

ስምረት ማሕበራዊ ልምዓት እንከሎ ካብ ወለንታዊ ተግባራት ክብገስ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን። በዚ መሰረት ፦

√ ምትብባዕ ሕብረተሰብ መሰረት ዝገበረ ግልጋሎትን ወለንታውነትን ትኹረት ይገብር

√ ምትብባዕ ሲቪላዊ ጉቡኣት፣ ሓበራዊ ምትሕግጋዝን፣ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ሃይማኖታትን

√ ምትብባዕ ንመኽሰብ ዘይተሰለፉ ናይ ሕብረተሰብ ኢንተርፕራይዛትን ማሃዛይ ፍታሕ ከባቢያዊ ፀገማትን

ብናትና ራኢ ትግራይ ክትድሕን ጥራሕ ክይኮነስ ህዝቢ ብዘጠናኽር ማሕበራዊ ፖሊሲ ብዘይምቁራፅ ክትግስግስ እያ። ሊበራል ዲሞክራሲ ካብ መምሃሪ ክፍልታት ጀሚሩ ክሳብ ክሊኒካት ክሳብ መንበርታትናን ንሕድሕድ ህፃን ክሕብሕብ፣ ህይወት ሕድሕድ ህፃን ክኸላኸልን ኩሎም ክብርታት ሰብ ክሕሉን ኣለዎ።

# ክፍሊ-10

# ስነ–ከባቢያዊ ፖሊሲን ዘላቒ ልምዓትን፦ ውሑስ ሰነ ከባቢ ትግራይ

ስምረት ቀፃልነት ህዝብና ኣብ ቀፃልነትን ድሕነትን ውህብ ከባቢና ከምዝምስረት ይኣምን። ሰነ ከባቢያዊ ለውጢ፣ ኩናት፣ ምስ ለውጢ ክሊማ፣ ብርሰት ደኒን ዘይትሉም ምኽታምን ንትግራይ ናብ ጫፍ ቅልውላው ውህብ ከባቢ እንዳብፅሕዋ ይርከቡ። ስትራተጂ ስምረት ዝምራሕ “ስትራተጂ ሓምለዋይ ዳግመ ህንፀት ምክልኻል ውህብ ከባቢ ምስ ኢኮኖሚያዊ ዕድላትን ተፃዋራይነተን ሕብረት ሰብ” ብዝብል ቴማ እዩ።

## 10.1 ፍትሓዊ ውህብ ከባቢ ሸኻል ሊበራል ዲሞክራሲ

ነፃ ሕብረተሰብ ኣብ ዝበረሰ ሰነ-ከባቢ ክህሉ ኣይኽእልን። መሰላት ውሁብ ከባቢ ንፁህ ኣየር፣ ማይን መሬትን ሰብኣዊ መሰላት እዮም። ሓምላዊ ኣጀንዳ ስምረት ዝምስረት፦

1. ህዝባዊ ሓላፍነት ምምሕዳርን ክንክንን
2. ዘላቒ ኣጠቓቕማን ሓላፍነት ወለዶታትን
3. ፍትሓዊ ተበፃሕነት መሬት፣ ማይን ኢነርጂን
4. ተፃዋራይነት ኣንፃር ነውፂ ክሊማ
5. ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ውሳነ ኣዋህህባ ሰነ ከባቢ

## 10.2 ክሊማ ዝፃወር ዳግመ ህንፀት

√ ንክሊማ ዝፃወር መሰረተ ልምዓት ኣብ ኩሎም ናይ ሕዌት ምንቕስቓሳት (ካብ ገዛውቲ ክሳብ ትምህርቲቤታት መንገድታትን) ክተኣታቶ ይቃለስ።

√ ምምዕባል ስርዓት ቅድመ መጠንቅቕታትን ሓደጋ ምቕናስን ፕላንን ንድርቂ፣ ባልዓትን (ኣንበጣ ሓዊሱ) ውሑጅን

√ ምስፍፋሕ ምስ ስነ ከባቢ ዝስማዕማዕ ከባቢያዊ ማተርያልን ጉልበትን ዝጥቀም ኣገባብ ኮንስትራክሽን

√ ምጥያሽ ሓምለዋይ ዳግመ ህንፀት ፈንድ ምስ ዓለም ለኸ ማሓዙትን ኣስተዋፅኦ ዲያስፓራን

## 10.3 ዳግመ ግረባን ምሕዋይ መፋስሳትን

√ ስምረት ንምቕልባስ ምሽርሻር ውህብ ካባቢ "ምሕዋይ ደንን መሬትን ትግራይ" ዝብል ወፍሪ ከምዘድሊ ይኣምን

√ ምትካል ሓደ ቢሊዮን ዛፋት ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ዓመት ከባቢያዊ ዓሌትን ናይ ሕሰ/ብ ደንን ቀዳምነት ይወሃቡ

√ ምዕቃብ ተፋሰሳት፣ ምሕዋይ ተገደቡ ጎቦታት ዝተጎሳቐሉ ተሓረስቲ መሬትን ሃገር ቦቀል ፍልጠትን ሳይንሳዊ ቴክኒክን ብምጥቃም

√ ምፍጣር ሓምለዋይ መቐነታት ኣብ ከተማታትን ሓውሲ ከተማታትን

√ ምፍጣር ሓምለዋይ ስራሕ ዕድል ንመናእሰይ (ኣብ ፈልሲ ጣብያታት፣ ዕቀባታትን ሰነ ከባቢ ግልጋሎትን)

## 10.4 ተሓዳሲ ሓይሊን ንፁህ ቴክኖሎጂን

√ ልምዕቲ ትግራይ ነፃነት ኢነርጂ ዘረጋገፀትን ትሑት ልቀት ከባቢ ዘለዋን ክትኸውን ኣለዋ።

√ ምስፍሕፋሕ ቀረብ ሶላርን፣ ንፋስን ማይክሮ ሃይድሮን ሓይሊ

√ ምድጋፍ ሶላር ሆምሲስታም (SHS) ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ከባቢ ንዝነብሩ ስድራታትን ማሕበራዊ ትካላትን (ትምህርቲን ጥዕናን ወዘተ)

√ ምትብባዕ ንፁህ መብሰሊ ምግቢ እቶን ንምቕናስ ውሽጢ ገዛ ብኽእለትን ብርሰት ደንን

√ ምትብባዕ ምሕዝነት መንግስትን ውልቀ ዘፈርን ኣብ ንፁህ ቴክኖሎጂ ኢንቨስትመንትን ስልጠናን

## 10.5 ዘላቒ ሕርሻን ምምሕዳር ማይን

ሕርሻ ትግራይ ንህዝቡ ብቀፃልነት እንዳቐለበ ብክሊማ ዘይናጋዕ ክኸውን ኣለዎ። ስለዚ ስምረት፡-

√ ምትብባዕ ኣግርኢኮሎጂ፣ ዓቃባይ ሕርሻን ፐርማካልቸርን

√ ምስፍፋሕ ስርዓት መስኖን ካብ ዝባን ገዛ ምዕቃብ ማይን

√ ምግፋሕ ድርቂ ዝፃወሩ ኣዝርእቲ፣ ሰነ-ህይወታዊ እታወታትን ምሕደራ ልሙዕነት መሬትን

√ ምጥንኻር ሓረስቶት ኣገልጋሎት ኤክስቴንሺን፣ ሕበረት ስራሕ ማሕበራትን ፍትሓዊ ልቓሕን ከባቢያዊ ኣዝርእቲ ባንክን

## 10.6 ስነ ከባቢ፣ከተማን ሓምለዋይ ከተማታትን፡- ዘላቒ ምኽታም

√ ምስ ሰነ ከባቢ ዝጠዓዓም ከተማ ፕላን ንሓምለዋይ ቦታታት፣ ናይ ኣጋር መንገድታትን ተሓዳሳይ ሓይሊን ትኹረት ይህብ

√ ምምሕያሽ ምምሕዳር ጓሓፍን መሊስካ ምጥቃምን  ኮምፖስት ምድላውን ንፁህን ግሉሉን መጉሓፊ ጓሓፍ

√ ምትእትታው ከተማ ሕርሻ፣ ልዕሊ ቤት ደኒን ተበግሶታት ተኽላ ዛፋትን

## 10.7 ትካላዊ ለውጢን ምምሕዳር ውህብ ከባቢን

ስምረት ሓምላዊ መንግስትን ጠንካራ ትካላትን ከህነፁ ኣለዎም ኢሉ ይኣምን::ብመሰረት'ዚ

√ ጥያሽ ነፃ ኮሚሽን ውህብ ከባቢ ንምክትታል ኩሎም ዘርፍታትን ንጥፈታትን

√ ግዱድ ዳህሳስ ተፅዕኖ ውህብ ከባቢን ምኽክር ምስ ዜጋታት ኣብ ዓበይቲ ፕሮጀክታትን

√ ምትግባር ዞባዊ ኣጠቓቕማ መሬት (land use zoning)፣ ፀረ ብኽለት ሕግታትን ምክልኻል ብዝሃ ህይወትን

√ ምድጋፍ ናይ ሕብረተሰብን ባህላዊን ሓላፍነት ደኒታትን ሞያዊ ኣካላትን ቅዱሳት ሰነ ከባብታትን

## 10.8 ትምህርትን ባህልን ውህብ ከባቢ

ህዳሴ ትግራይ ሓመድ ፣ደኒ ፣ማይን ሰማይን ትግራይ ከሳብ ዘይተሓለው ሙሉእ ኣይኾንን። ውድብ ስምረት ሞዴል ዲሞክራሲ ስነ ከባቢ ኣፍሪካ ዝኾነት ሓምላዊነት፣  ተፈጥሮን ነፃነትን ብሓባር ዝዓምበቡላ ትግራይ ይብህግ። ምእንተ'ዚ

√ ዘላቒ መፃኢ ሓምለዋይ ንቕሓት ይጠልብ

√ ምውህሃድ ትምህርቲ ክሊማን ውህብ ከባቢን ምስ ካሪኩላ ቤት ትምህርቲ

√ ምድጋፍ ትምህርቲ ስነ ከባቢ ተፈጥሮ መሰረት ዝገበረ ክብርታትን ነጣፍነት ውህብ ከባብን

√ ምኽባር ስነ ከባቢ ፌስቲቫላት፣ሓምለዋይ በዓላትን ስነ ጥበብ ውህብ ከባብን

# ክፍሊ-11

# ራኢ ስምረት ድሕረ ኩናት ዕርቂ ፣ፍትሕን ብሄራዊ ምፍዋስን

ትግራይ ክንገር ብዝኸብድ ግፍዒ ፣ምፍንቃል ፣ ምጥማይን ስርዓታዊ ዓመፅን ዝልለ ኩናት ፀይራ ሓሊፋ::እቶም በሰላታት ዓሞቅቲ እዮም። ማሕበራዊ ምትእስሳር ተበታቲኹ እዩ። ትግራይ ንቅድሚት ክትስጉም ነዚ መሕመሚ ተሞኩሮ ብልበ ሙሉእነት ክንገጥም፣ ክብሪ ሕድሕድ ግዳይ ሓፍ ክነብልን ናብ ሓቂ ፣ተሓታትነት ዕርቅን ዝወስድ ጎደና ክሕንፅፅ ኣለና። ውድብ ስምረት ዘቖርቦ ሓሳብ መስርሕ መሰጋገሪ ፍትሒ ኣብ ክብርታት ሊበራል ዲሞክራሲ፣ ሰብኣዊ መሰላትን መበቆላዊ ኣገባብ ኣፈታትሓ ጎንፅን ዝተመስረተ እዩ።

## 11.1 ፍትሒ ከም ናይ ሰላም መሰረት

√ ዘይተሓታትነት፣ ሕነ ምፍዳይን ክሕደት ገበን ጀኖሳይድን ብትሪ ይቃወም ።

√ ሰላም ብዘይፍትሒ ተምብርካክነት፤ ፍትሒ ብዘይሓቂ ምድብስባስ ምዃኑ ይኣምን።

√ ኩሎም ግዳያት መሰል ሓቂ፣ ፍትሒን መካሓሓስን ክረኽቡ ኣለዎም።

√ ኩሎም ፈፀምቲ ቅርበት ብዘይገድሽ ተሓታቲ እዮም

√ ኣብ መስርሕ ማሕበረሰባዊ ምፍዋስ ተሳትፎ ማሕበረሰባት ከሕይሉ ኣለዎም

√ ትካላት ፍትሒ ነፃ፣ ኣሳተፍቲን ኣብ ዲሞክራሲያዊ ቅቡልነት ዝተመሰረታን ክኾና ኣለወን

## 11.2 ዝተማለኣ ስትራተጂ ስግግር ፍትሒ

ውድብ ስምረት በዓል ኣርባዕተ ሽኻላት ስትራተጂ ስግግር ፍትሒ ሐዚ ቀሪቡ ኣሎ።

1. **ምእካብን ስነዳን መረዳእታ**

√ ምጥያሽ ኮሚሽን ትግራይ ሓቂን ታሪኻዊ ንፅረትን ንምምርማር ገበን ኩናት፣ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ታሪኻዊ ቅሬታታትን

√ ምኪያድ ህዝባዊ ሰማዒ፣ ኣርካይቫል ፅቀባታትን ምስክርነት ግዳያትን

√ ምስናድ ግፍዕታት ኲናት፣ ምፍንቃል፣ዖታዊ ዓመፅ ዕንወት ሓድግታትን ጥሜትን ( ኣካል ሓበራዊ ታሪኻዊ መዘከር)

2. ***ታሓታትነትን ልዕልነት ሕጊን***

√ ኣብ ውሽጢ ዓዲን ዓለምን ናይ ታሓታትነት ኣገባባት ፍሉይ ችሎታት ሓዊሱ ክፍጠር ምስራሕ

√ ምምስራት ክሲታት ኣብ ልዕሊ ገበን ጆኖሳይድ፣ ፆታዊ ዓመፅ፣ ምስቓይ፣ ካብ ፍርዲ ወፃኢ ቅትለት፣ ዓሌት ምፅናት፣ ምፍንቓል፣ ምስዋር ወዘተ

√ ስርዓት ዳይነት ሪፎርም ምግባር ምእንቲ ንምርግጋፅ ነፃነት፣ ዘይወገናውነትን ተበፃሕነት ግዳያትን

3. **ካሕሳን ናብ ዝነበሮ ምምላስን**

√ ምፍጣር ካሕሳን ሕዌትን ፈንድ ግዳያት ኲናት፣ ኅበጣን ምፍንቓልን ፆታዊ መጥቃዕትን

√ ሕጋዊ፣ ስነ ኣእምሮኣዊ፣  ትምህርትን መንበርን ንግዳያት ኲናት ምሃብን ምቕራብን

√ ምምላስ ዝተተሓዘ መሬት፣ ዝተወረረ ንብረት፣  ዝተራኸሱ ናይ ቅርሲ ቦታታት ናብ ሕጋዊ ወናኒኦም

4. ***ዕርቅን ማሕበረሰባዊ ምፍዋስን***

√ ምድጋፍ ኣብ ባይታ ዝግበሩ ናይ ሰላም ምይይጣት፣ መንገዲ ባህላዊ ምትዕራቕን ተግባራት ናብ ዝነበሮ ምምላስ ፍትሒ

√ ንክብሪ ግዳያት መዘከርታት፣ ሙዜማትን መዓልቲ ዝኽርን ምውዳብ።

√ ምድጋፍ ባህሊ ይቕረ፣ ርህራሄን ስለማውነትን ኣብ ግልፂ ዘተታትን ትምህርትን

**11.3 ፍትሒ ንፆታ መሰረት ዝገበሩ ገበናትን ዝተጓነዩ ግዳያትን**

√ ሰምረት ንፆታ ተኺሳሓይ መሰጋገሪ ፍትሒ ትኹረት ይሀብ።

√ ኣብ ኩሎም ደረጃታት ማለት ሓቂ፣ ፍትሒን፣ ካሕሳን ንግዳያት ፆታን ፆታ መሰረት ዝገበረ ዓመፅን ቀዳምነት ምሃብ

√ ምርጋግፅ ተወደበ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ከይዲ ፍትሕን ሰላምን

√ ምድላው ውሑስ ቦታ፣ ማህሰይቲ ግልጋሎትን ኢኮኖሚያዊ ምጥንኻርን ፕሮግራም

√ ድምፂ ተፈናቐልቲ፣ ቖልዑ፣ ስንኩላትን ማይኖሪታትን ከይተሰምዐ ከይተርፍ ምቅላስ

## 11.4 ሃገራዊ ሓድነት ብመንገዲ ሃገራዊ ምይይጥን ሕጋዊ ሪፎርምን

እምነት ስምረት ስግግር ፍትሒ ካብ ትግራይ ወፃእ እውን ክቕፅል ኣለዎ እዩ።ሕገ መንግስቲ ህዝባዊን ኣሳታፊይን ዓለም ለኸ መተኣማመኒ ዝተዋሃቦን ብሕጊ ተቐባልነት ዝረኸበን ፓን ኢ/ያ ብሄራዊ ዘተ ክካየድ ንፅውዕ :: ኢ/ያ ነዞም ዝስዕብ ዝጥምት ስርዓታዊ ሪፎርም ክትገብር ይግባእ::

√ ቀፃሊ ዕድል ስርዓት ፌዴራሊዝም ኢትዮጵያ ፣

√ መሰል ውሑዳት ህዝብታትን ብሄር ብሄረ ሰባትን፤

√ ታሪኻዊ ምግላል፣ ጄኖሳይድ ጅምላዊ ቅትለት፣

√ ሰላምን ሕጋዊ ታሓታትነትን ዘይምህላው፣

√ ህዝቢን መሬትን ካሊእ ክልል ምጉባጥ ወዘተ

## 11.5 ነፃ ትካላት ንፍትሒን ሰላምን

ስምረት እዞም ዝስዕቡ ትካላት ክጣየሹ ክቃለስ እዩ።

√ ምጥያሽ ነፃ ሓባሲ ንብዓት ንምፅራይ መንግስታዊ ግዕዝይናን በደልን

√ ምጥያሽ ሃገራዊ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት ትግራይ ነፃን ብሕጊ ከለላ ዝግብረሉን

√ ምጥያሽ ማእኸል መፅናዕቲ መሰጋገሪ ፍትሒን ሰላምን ምስ ዩኒቨርስትታት፣ ማሕበራት ግዳያትን ዓለም ለኻዊ ኪኢላታትን ብምትሕብባር

## 11.6 ኣንፈት ሓበራዊ ትረኻ ክብሪ ሰብ

ምፍዋስ ትግራይ ልዕሊ ውሽጢ ገዛ ፍትሒ ይሓትት። ባህላዊ ስግግር የድሊ።

√ ንግዳያት ክብሪ ክንብል ማህሰይቲ ኣእምሮ ክንጋፈጥ ኣለናን ሓቐኛ ታሪኻት ክዝረቡን ኣለዎም

√ ንሓደሽቲ ትውልዲ ብዛዕባ ነፃነት፣ ክብሪ ሰብን ዋጋ ኩናትን ክንምህር ኣለና።

√ ዝኾነ ዜጋ ተራ ዘይኮነሉ፤ ናይ ዝኾነ ዜጋ ህይወት ተዘክሮን ቁስልን ዝኽበረሉ ሕብረተሰብ ትግራይ ክንሃንፅ ኣለና።

√ ብመንገዲ ፍትሒ ጥራሕ ኢና ንገበነኛ ተሓታቲ ዘይገብር ፣ ንኩናትን መላኽነትን ዝወልድ ስርዓት ክነጥፍእ ንኽእል።

√ ብመንገዲ ዕርቂ ጥራሕ ኢና ሓዳሽ፣ ፍትሓዊትን ፣ ዝሓበረትን ትግራይ ክንጥምት ንኽእል።

# ክፍሊ-12

# ስትራተጂ ስምረት ንቀጠናዊን ዓለማዊን ተሳትፎ-ግደ ትግራይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዓለምን

ውድብ ስምረት ዝሓስባ ትግራይ ውሽጣ ሰላማዊት፣ ንደገ መትከላዊት፣ ቀጠናዊ ዝሰመረት፤ ስምረት ቀጠና ንምውሓስ ነፃነት፣ ዕቤትን ምርግጋፅን ንጡፍ ዓለማዊ ተሳትፎን ምዃኑ ዝተቐበለት ክትከውን እዩ። ድሕሪ ስቓይ ጂኦፖለቲካል ምግላል፣ ዓለም ለኸ ስቕታ ኣብ እዋን ጆኖሳይድን ቀጠናዊ ተፃብኦን፤ ትግራይ ፕራግራማቲክ፣ ኣብ ክብርታት ሊበራል ዲሞክራሲ ዝተመስረተ፤ መትከላት ብዙሃነት ምትእስሳርን ዞባዊ ምድግጋፍን ዝቕበል ፖሊሲ ወፃኢ ክትክተል ኣለዋ ።

## 12.1 ኣብ ነፃነት፣ ፍትሒን ሉኣላዊነትን ዝተመሰረተ ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ

ናይ ውድብ ስምረት ወፃኢን ቀጠናዊን ስትራቴጂ ኣብዞም ዝስዕቡ መትከላት ዝተሰረተ እዩ።

√ ምኽባር ዓለም ለኸ ሕጊ፣ ሰብኣዊ መሰላትን ግዝኣት ሕጊን

√ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ መሰረት ዝገበረ ተሳትፎ ፤ ፅግዕተኝነት ዘይኮነ ማለት እዩ።

√ ሰለማዊ ሓቢርካ ምንባርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኢድ ዘይምትእትታውን

√ መሰል ዓርሰ ውሳነን ውክልና ኣብ ዓለማዊ መድረኻትን

√ ምህናፅ ኪዳን ምስ ዲሞክራሲያዊን ሃገራት፣ ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝብታትን ኣፍሪካን ዓለምን

## 12.2 ግደ ትግራይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ

√ ውድብ ስምረት ንትግራይ ከም መረጋግዒ ሓይሊ ኣብዚ ቀርኒ ዘቕምጥ ቀጠናዊ ናይ ምትሕግጋዝ ፖሊሲ ይኸተል

√ ምብጋስ ስግረ ዶብ ምይይጣት ምስ ኤርትራ፣ ሱዳን፣ ጎረባብትና ክልላትን ንሰላማዊ ዝምድናታት፣ ንግድን ፀጥታን

√ ምጥንኻር ቀጠናዊ መስርሕ ሓበራዊ ኣጠቓቕማ ማይ፣ ከለላ ስደተኛታትን ምትሕብባር ክሊማን

√ ንትግራይ ምስ ሱዳን ቀይሕ ባሕርን ዘተኣሳስር ካብ ወታሃደራዊ ምንቅስቓስ ነፃ ዝኾነ ሰብኣዊ መተሓላለፊ ክፍጠር ስምረት ብዕቱብ ክሰርሐሉ እዩ።

ምስዓም ህዝቢ ንህዝቢ ዲፕሎማሲ፣ ባህላዊ ልውውጥን ዲያስፓራ ከም መሰጋገሪ ድልድል

## 12.3 ስትራተጂያዊ ዓለም ለኸ ምሕዝነት

√ ውድብ ስምረት ዝኣምነሉ ምሕዝነት ሉዓለዊነትን ዓቕሚ ምልማዕን ትግራይ ዘጠናኽር ምሕዝነት እዩ።

√ ዲያስፖራ ትግራይ ንኢንቨስትመንት፣ ውትወታን (lobbying) ዲፕሎማዊ ምትእስሳርን

√ ምስ UN, EU, ወዘተ ዝፍጠር ቴክኒካል ምትሕብባር ኣብ ግልፂ፣ ተሓታትነትን ሓበራዊ ቀዳምነትን ዝተመሰረተ ይኸውን።

√ ድምፂ ትገራይ ንምቅላሕ ኣብ  ግሎባል ተበግሶ ዲሞክራሲን ምሕደራን  ክንኣቱ ዘኽእል ምንቕስቓስ ምግባር

## 12.4 ትግራይን ዓለማዊ ፍትሒን

√ ውድብ ስምረት ንተሓታትነትን ፍትሒ ገበን ኲናትን ጆኖሳይድን ዝግበር ቃልሲ ዓለም ለኻዊ ክገብሮ ይቃለስ

√ ምስ ዓለም ለኻዊ ፍርዲ ቤታት፣ ኣካላት UN, ትካላት ሰብኣዊ መሰላትን ግፍዕታት ንምስናድን  ፈፀምቲ ተሓትቲ ንምግባርን

√ ምጥላብ ብሕቡራት ሃገራት (UN) ሓላፍነት ዝተወሃቦ መፃረይ መርማርን ፍሉይ መጋባኣያን ትግራይ ክህሉው

√ ንመሰል ትግራይን ድምፂ ግዳያትን ማእኸል ጌሮም ዝሰርሑ ዓለም ለኸ ሚዲያታት፣ ትካላትን ወፍሪ ምጉስዓስን ምሕጋዝን ምትብባዕን

## 12.5 ትግራይን ዓለማዊ ምንቅስቓስ ምሕዝነትን

√ ውድብ ስምረት ኣብ ዓለማዊ ስሙር ምንቕስቓስ ፅቑጣት ህዝብታትን ንዲሞክራሲ ዝግብሩ ምንቕስቓሳትን ይኣምን።

√ ምምዕባል ምትእስሳር ምስ ካልኦት ሃገር ዘይኮና ብሄራት (stateless nations)፤ ሃገር ቦቆል ጉጅለታትን፤ ድሕረ ኲናት ህዝብታትን፤

√ ምትእስሳር ምስ ፓን ኣፍሪካን፣ ምትእስሳር ምስ ዓለማዊ ሲቪል ሶሻይቲ  ንምስዓም ነፃነትን ፍትሕን ምድጋፍ ዓለማዊ ሊበራል ዲሞክራሲያዊ ምንቅስቃስ ንሰላም፣ ተሓታትነትን ሓቋፋይ ልምዓትን

## 12.6 ምህናፅ ዲፕሎማሳዊን ትካላዊን ዓቕሚ ትግራይ

ናይ ትግራይ ሕቶ ዓለማዊ ሱርን ትርጉምን ኣለዎ። ሕዉየት ትግራይ እውን ዓለምለኻዊ ክከውን ኣለዎ። ውድብ ስምረት ግልልቲ ዘይኮነት፣ ዘይትሓበኣት፣ ህልውቲ ኣብ ዓለማዊ መድረኻትን መትከላዊትን ትግራይ ክትህሉ ይቃለስ :: ውድብ ስምረት ወፃኢ ጉዳይ ፓሊሲኣ ንምትግባር

√ ፕሮፌሺናል ዲፕሎማትን ጉጅለታት ተሳትፎ ዲያስፓራን ዝሓዞ ኮሚሽን ወፃኢ ጉዳያት ምጥያሽ

√ ምስልጣን ሓደሽቲ ትውልዲ ዲፕሎማትስ፣ ኪኢላታት ሕጊን ዓለም ለኸ ኣድቮኬሲን

√ ምጥያሽ ኮንሱላትን መራኸቢ ቢሮታትን ኣብ ቁልፊ ዓለማዊ ከተማታት ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኢንቨስትመንት ንምስልጣን ቋንቋ፣ ኢንተርናሺናል ሕጊን ጂኦፖለቲካል መፅናዕትታትን– ምስ ዩኒቨርስታት ትግራይ ኮይንካ ዝስራሕ

# ክፍሊ-13

# ቅዋም ውድብ ስምረት ኣብ ፌዴራሊዝም፣ መሰል ርእሰ ውሳነን መፃኢት ኢትዮጵያን

ሕዚ ዘሎ ፌዴራሊዝም ኢትዮጵያ ንትግራይ ካብ ብርሰት ክከላኸልን ከድሕንን ኣይካኣለን። ንዓርሰ ምሕደራን ነፃነትን ተማዓራረየ ስርዓት ናብ ናይ ሓሶት ፌዴራሊዝም ተቐይሩ። ኩናት ትግራይ ዘግሀዶ ሓቂ እንተሊዩ ቀንዲ ሽግር ኢትዮጵያ ናይ ምሕደራ ከይኮነስ ቅልውላው ቅቡልነት ( ጉቡኡነት) ስርዓት ፌዴራሊዝም እዩ። ውድብ ስምረት ንዚ ቅልውላው ንምፍታሕ ግልፅን መትከላዊን ቅዋም ሒዙ ይቃለስ። ነፃነት ቅድሚ ፌዴራሊዝም፣ ክብሪ ቅድሚ ሓድነት፣ ሰላም ቅድሚ ዕርቂ የቕድም።

## 13.1 መምሰሊ ፌዴራሊዝምን ምልክነትን ንነፅግ

ሕዚ ዘሎ ቅዋምን ፌዴራሊዝምን ሃገር መሰልን ህይወትን ተጋሩ ክከላኸል ኣይካኣለን። ናይ ባዕላ ክልል ዝወረረትን ብባዕዲ ክውረር ዘፍቀደትን፤ ሰብኣዊ ሓገዝ ትዓፁን ጆኖሳይድ ዘኽአለትን ሃገር ፌዴሬሺን ክትባሃል ኣይትክእልን። ሽፍንቲ ሃፀይ ወይ Empire እያ። ካብዚ ብምብጋስ ውድብ ስምረት ንዝስዕቡ ጉዳያት ብትሪ ይነፅግ:

√ ኣሃዳዊ ባህጊ ዘለዎ ጥርኑፍነት

√ ፌዴራሊዝም ብዘይኣግባብ ምጥቃም

√ ክልላዊ ይኹን ሃገራዊ ምልክነት

## 13.2 ምርግጋፅ መሰል ርእሰ ውሳነ

ውድብ ስምረት ሕዚ እውን መሰል ርእሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ምንፃል ዘይፋሓቑ መሰል ምዃኑ የረጋግፅ። እዚ መሰል ሓደጋ ዘይኮነስ ዲሞክራሲያዊ መትከል እዩ ኢሉ ይኣምን። ህዝቢ ትግራይ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ክኽበሩሉ ስምረት ይቃለስ:

√ ናይ ባዕሉ ፖለቲካዊ ዕድል ባዕሉ ምውሳን

√ ናይ ባዕሉ ክብርን ረብሓን ዘንፀባርቑ ትካላት ምህናፅ

√ ካብ ሓደጋ ህልውና ንባዕሉ ምክልኻል

√ ናይ ባዕሉ ነፃነት ምምራፅ (እንድሕር ድኣ ውድቀት ፌዴራሊዝም ቐፂሉ)

## 13.3 ድሕረ ፌዴራሊዝም ናብ፡- ሰለሰተ መንገዲታት

ውድብ ስምረት ዝቃለሰሉም ሰለስተ መማረፂ መስርሓት መፃኢ ምሕደራ ኢትዮጵያ ሒዙ ቀሪቡ ኣሎ።

**1- ሓቀኛ ዲሞክራሲያዊ ፌዴራሊዝም፡- ዝተሓደሰ ፌዴራሊዝም**

√ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ቅዋም ኢ/ያ

√ ውሕስነት ክልላዊ ነፃነት፣ ፍትሓዊ ውክልናን

√ ነፃ ፌዴራላዊ ዳይነት፣ ፖሊስን መረፃ ኣካልን

√ ሕጋዊ መሰል ትግራይ ምምካት ሓደጋ ህልውና

√ ፌዴሬትድ ዲሞክራሲ

**2- ኮንፌደሬሺን ወይ ናይ ስግግር ስምምዕ**

√ ሉሕሉሕ ማሕበር ዘለወን ሉኣላዊ ክልላት ምስ ናይ ሓባር መሰረት ልምዓትን ምትሕብባርን

√ ብንፁር ዝተቐመጠ ነጥብታታት ምትሕግጋዝ፣ መውፅኢ ስርዓት ዘለዎ ክልተኣዊ ስርዓት ምሕደራ

√ ብተፈጥርኡ መሰጋጋሪ ዝኾነ ንከም ትግራይ ዝበላ ክልላት ደጊመን ክሳብ ዝሓስባ ጊዜ ዝህብ ናይ ስግግር ምትዕርራይ ( ንጊዚኡ ብኮንፌዴሬሺን ታኣሳሲርካ ምፅናሕ ማለት እዩ )

**3- ሙሉእ ነፃነት**

√ ብምርድዳእ ዝጅምር ዲሞክራሲያዊ ዓለም ለኸ ቅቡልነት ዘለዎ መስርሕ ምፍጣር ሉኣላዊ ሃገር

√ ምፍጣር ሓዳሽ ሪፓብሊክ ትግራይ ምስ ናይ ባዕላ ቅዋም፣ ትካላትን ዓለም ለኻዊ ደረጃን

እዚ መንገዲ እዚ ብዝዓበየ ክምረፀሉ ዘኽእል ዕድል ዝህሉ እንድሕር ዳኣ ፌደራሊዝም ዘይተሓዲሱን ክብርን ፀጥታን ትግራይ ምኽሓድ እንተቀፂሉን እዩ። ውድብ ስምረት ኩሎም መማረፅታት ኣብ ጠረጴዛ ክህሉው፣ ንህዝባዊ ምይይጣት ክፍቲ ክኮኑ፣ ሕጋዊ ማዕቀፍ ክብጀወሎምን ዲሞክራሲያዊ ምርድዳእ ክፍጠርን ይቃለስ

## 13.4 ህንፀት ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ትግራይ ካብ ታሕቲ ንላዕሊ

መፃኢና ኣብ ውሽጢ ወይ ካብ ኢትዮጵያ ወፃእ ድዩ ብዘየግድስ ውድብ ስምረት ንዞም ዝስዕቡ ውፍይነት ኣለዎ:

√ ሊበራል ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ኣብ ውሽጢ ትግራይ ምህናፅ

√ ብተጋሩ ንተጋሩ ዝንደፍ ቅዋም ብመንገዲ ኣሳታፋይን ሓቋፋይን ኣገባብ

√ ስልጣን ናብ ከባቢታትን ከተማታትን ምውራድ

√ ቁፅፅርን ሚዛንን መንግስቲ ምሕላው ፣ ነፃ ስርዓት ፍርዲን ምሕያል ሲቪክ ውዳበን ምንቅስቓስን መሰረት ናይ ኩሉ ደረጃ ምሕደራ እዮም።

## 13.5 ብዘይፍትሒ ሓድነት የለን፤ ብዘይነፃነት ሰላም የለን

ውድብ ስምረት ኣብዝስዕቡ ተመስሪቱ ብነፃነት ንዝምረፅ ሓድነት ይቃለስን ይድግፍን:

√ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ዝህሉ ምክብባር

√ ማዕረ መሰላትን ፀጥታዊ ውሑስናን

√ ፍትሒ ንሑሉፋትን ናይ ሎሚን ግፍዕታት

√ ወለንታዊ ተሳትፎ ኣብ ዝኾነ ሃገራዊ መስርሕ ወዘተ

## 13.6 ድሕረ ሃፀይ ቀርኒ ኣፍሪካ

ውድብ ስምረት ዝኣምን መፃኢ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝውሰን ብኮንፌደሬሲያዊ ማሕበር፣ ፓን ቀጠናዊ ዲሞክራሲን ዕብለላ ብዘይብሉ ነፃነትን እዩ። ሓዱሽ ፖለቲካዊ ኣርክቴክቸር ቀርኒ ኣፍሪካ ክመፀእ ኣለዎ። እዚ እውን ሉኣላዊ ባህጊ ከም ትግራይ ዝበላ ብሄራት ዘኽብር፤ ሃፀያዊ ዓመፅን ናፍቖት ኣሃዳውነትን ከብዕቅ ዝገብር፤ ብዙሓት ህዝብታት ብሓደ ክነብሩ፣ ክተሓጋገዙ ወይ ድማ ብሰላማዊ ኣገባብ ክፈላለዩ ዘፍቅድ።

# ክፍሊ-14

# ክትቃለሰሉ ክብሪ ዘለዎ ዲሞክራሲያዊ  መፃኢ

ህዝቢ ትግራይ ከግመት ዘይኽእል ስቓይ ኣሕሊፉን የሕልፍን ኣሎ፦ ኲናት፣ ዕፅዋ፣ ምፍንቓል፣ ጅምላዊ ግፍዕታትን ስርዓታዊ ምርሳዕን። ግን ከዓ ህዝቢ ትግራይ ኣይተሰኮነንን። ኣይስኮንን ባሃልነት ወይ ተፃዋራይነት ምልክት ናይ ምህላው ጥራሕ ከይኮነስ ለውጢ  ክህሉ እውን ዘገድድ እዩ። ውድብ ስምረት ደፋር፣ ህፁፅን መትከላዊን ፃዊዒት ተሓንጊጡ ሓሙኹሽቲ ኲናትን ምልክነትን ነጊፉ  ንህንፀት ነፃ፣ ዲሞክራሲያዊትን ክብርትን ትግራይ ቆሪፁ ተላዒሉ ኣሎ።

## 14.1 ቃልና

ውድብ ስምረት ስልጣን ዝሃርፍ ተወሳኺ ፓርቲ ኣይኮነን። ብዝላዓለ ሓላፍነት ዝንቀሳቐስ፤ ነፃነት፣ ፍትሒን ሓቂን ኣብ ልዕሊ ምልክነት፣ ፍርሒን ክድዓትን ክዕወቱ ኣለዎም ኣብ ዝብል ፅኑዕ እምነት ዝተመስረተ ውድብ እዩ። ስለዝኾነ ቃል ስምረት፦

√ ምህናፅ ሓቀኛ ዲሞክራሲያዊ ሕብረተሰብ እዩ።

√ ጭርሖታት ናይ ሓሶት ዲሞክራሲን ፕሮፓጋንዳ ጠንካራ ውልቀ ሰባትን ኣይኮነን ቃልና

√ ዉልቀን ሰብኣዊን መሰላት ኲቡራትን ናብ ድርድር ዘይቐርቡን እዮም።

√ ህላወ፤ ዓርሰ ምምሕዳር፤ ምርካብ ፍትሒን ትግራይ ናብ ድርድር ኣይኣቱን

√ ራይ ኣካብነት፣ ግዕዝይናን ውትህድርናዊ መላኺነትን ካብ ትግራይ ጠፊኦም ኣብ መቓብሮም ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ህዝባዊ መገልገላይነት ምስፋን

√ ምህናፅ ትካላት፣ ኢኮኖሚ፣ ትምህርትን፣ ጥዕናን ምስ ምህዞን ዋንነት ከባቢያዊ ምምሕዳራትን

## 14.2 ተልእኾና

እዚ ማኒፌስቶ'ዚ ራኢ ጥራሕ ኣይኮነን። ፍኖተ ካርታ እውን እዩ። ውድብ ስምረት ህዝቢ ትግራይን ኣብ ዝኾነ ከባቢ ዘለው ኪዳናትናን ኣብ ዙርያ እዞም ቀፂሎም ዘለው ዕማማት ክዓስሉ ይፅውዕ።

√ ምጥያሽ  ኣብ ሓቛፋይ ተሳትፎን ምሕያል ሲቪላዊ ምንቅስቓስን ዝተመስረተ መሰጋገሪ መንግስቲ ትገራይ

√ ፍትሒ  ንገበን ኩናት፣ ፅንተትን ምፍንቓልን ጎበጣ ህዝብን መሬትን

√ ሕዉየት ህዝብን ኢኮኖሚናን ኢንቨስትመንት፣ ምህዞን ፍትሓዊ ዕዳጋን

√ ምህናፅ ንህዝቢ ዘገልግልን ንባዕሉ ዝቆፃፀርን ዲሞክራሲያዊ ስርዓት

√ ዲሞክራሲያዊ ሪፈረንደም  ንመፃኢ ዕድል ትግራይ ምስ ዓለም ለኸ ውሕስና

√ ምምሃርን ምሕያልን መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ከም ሙሉኣት ፖለቲካል ወከልቲ (ኤጀንትስ)። ስቕተኛታት ግዳያት ኣይኮኑን ።

√ ምሕያል ተሳትፎ  ኣብ ሃገር፣ ቀጠናን ዓለምን ብናይ ባዕልና ረቀቛሕታት፤ ምስ ኩሉ ማዕረ እምበር ዓሚል ወይ ፅግዕተኛ ናይቲ ወይ ናይዚ ከይኮና

## 14.3 ፃዉዒት ንህዝብና

ውድብ ስምረት ቀፃልነት ዘለዎ ለውጢ ካብ ላዕሊ ይመፃእ ኢሉ ኣይኣምንን። ካብ ባይታ ካብ ባዕሉ ካብ ህዝቢ ትግራይ እዩ ዝመፅእ ኢሉ ብፅንዓት ይኣምን። ካብዚ እምነቱ ብምብጋስ ዝስዕቡ ኣገደስቲ ተግባራት ክፍፀም ይፅዉዕ:

√ ተረፍ ጀኖሳይድ ዝኾንኩም ድምፅኩም ትርጉም ኣለዎ። ፍትሒ ክንዕወተሉ ኣለና

√ መናእሰይ ትግራይ: ወለዶኹም ክመርሕ ኣለዎ።  ሰዓብቲ ክትኮኑ የብልኩምን

√ ዲያስፖራ ትግራይ ጊዜኹም፣ክእለትኹም ሞራልኩምን ሓድነትኩምን ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ የግዱሱና እዮም

√ ሙሁራት፣ሲቪልሰርቫንትን፣ሓረስቶት፣ ኢንተረፐረነራትን ሸቓሎን ትግራይኩም ሕዚ ወንኑ

√ ኣዴታትን ኣቦታትን ዘይርኣዩ ቃንዛታትኩምን ቃልስኹምን ነብሲ ብሄርና እዮም።

## 14.4 መልእኽትና ንማሕበረሰብ -ዓለም

ማሓዙቱናን ተዓዘብትናን ትግራይ መውፅኢ ዘይብላ  ዝወደቐት ክልል ኣይኮነትን። ሰብኣዊ ጉዳይ ጥራሕ ኣይኮነትን። ትግራይ ናይ ኩሩዕ፣ ንመሰሉ ዝጣበቕን ዲሞክራሲያዊ ራኢ ዘለዎን ህዝቢ ብሄር እያ። ደግፉና ብሓዘኔታ ከይኮነስ ከም መሓዙት ራኣዩና ምሳና ጠጠው በሉ ንረድኤት ጥራሕ ከይኮነስ ንፍትሒ እውን:: ዝመረፅናዮ መንገዲ ሊበራል ዲሞክራሲያዊ መንገዲ ኣብ ሕምብርቲ ቀርኒ ኣፍሪካ ረብሓኡን ትርጉሙን ንዓና ጥራሕ ኣይኮነን። ምልክት ንኣፍሪካን ንኩሎም ፅቑጣት፤ ነፃ ክኮኑ ፃሕተርተር ዝብሉ ዘለው ህዝብታትን እዩ።

## 14.5 ታሪኻዊ ውሳነ

እዚ ማኒፌስቶ ታሪኻዊ ዉሳነ ንትግራይ እዩ። ብመንገዲ ምልካዊ ኣገዛዝኣ፣ ዝተሰበሩ ቃላትን መወዳእታ ዘይብሉ ኲናትን ዶ ንቐፅል? ወይስ ነፃነት፣ ክብሪ፣ ዲሞክራሲ ፍትሒ ብመንገዲ ሓድነት ዕላማ፣ ፖለቲካዊ ብዝሃነትን ስምረት ኣብ ቃልሲን ዶ ንመርፅ?

ዲሞክራሲያዊ ውድብ ስምረት ትግራይ ነዚ ዳሕረዋይ መንገዲ ቃልሲ መሪፁ ኣሎ።  ሕድሕድ ትግራዋይ፣ መላእ ህዝቢ ትግራይ፤ ሕድሕድ ዲሞክራት፣ ኩሎኹም ተጋደልቲ ፍትሒ ምሳና ክትስጉሙ ንዕድም። ምርግጋፅ ህላወ ንባዕሉ ኣገዳሲ ኮይኑ ንበይኑ ግን ሙሉእ ኣይኮነን ። ሉእኹና ተራ ምድሓን ኣይኮነን እንታይዳኣ ነፃ ህዝቢ ምኧን እዩ። ሉኡኽና ዝፈራረሰ ምህናፅ ጥራሕ ኣይኮነን ዘይነበረ ምፍጣር እውን እዩ። ትግራይ ካብ ሓዘን ወፂኣ ዓዲ ተስፋን ነፃነትን ክትከዉን ምግባር እዩ።

**ንስመር !**

**ዴሞክራሲያዊ ዉድብ ስምረት ትግራይ**

**ጉንበት 2017 ዓ.ም**